# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.303 ቀዳም 19 ነሓሰ 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ፈስቲቫል መግለጺ ክብርን ጽባቐን ባህልና



ገጽ 3
ንጥፈታት ሕርሻ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ - 2023



ገጽ 5
ኣዋጻት መሬት፡ ንውሑስ ምሕደራ መሬት



ገጽ 7
ቺንዋ ኣቸበ



ገጽ 11
ስፖርታዊ ውድድር እዚ ክፍለ ሰራዊት 84 ይቕጽል



## ፈስቲቫል - ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ዜናን ምክልኻልን ቀሪቡ ዘሎ ኣሳእል ብዝሰፍሐ መልክዑ ቀጻልነት ክህልዎ ነጋድያን ሓቲቶም





ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዜናን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ተዳልዩ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2023 ቀሪቡ ዘሎ ስእላዊ ምርኢት፡ ናይ ወለዶታት ታሪኽ ዝገልጽ ሰነድ ምዃኑ ተገሊጹ።

"ስእሊ፡ ኣብ ምስጥጋርን ምውርራስን ባህላውን ታሪኻውን መንነት ዓቢ ተራ ዝጻወት፡ ተዛቢቡ ዘይውዳእ ወርቂ እዩ" ዝበለ ኣባል ገዳይሰን ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣቶ ኤርምያስ ሰዩም፡ እቲ ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት - ኣብ ምስጥጋር ታሪኽ ከም ንእሽ ኣካል ኩዩኑ ከገልግል ዝለዎ እምነት ገሊጹ።

ስእላይ ማለት፡ ናይ ንዝሒ ርእሱ ድርሰት ብመልክዕ ስእሊ ዝጽሕፍ ስነጥበባዊ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ሞያ እዚ ዝጥዩ መንእሰያት ኩሉም ብዝተገዳሰነት ክሰርሑሉ ደማ በዚ ኣጋጣሚ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ሓላፊ ጨንፈር ስእሊ ኣቶ ታኣዘዘ ኣብርሃ ብወገኑ፡ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ቀሪቡ ዘሎ ምርኢት፡ ንመደቦት መኸተ፡ ልምዓት፡ ጥምረት ህዝብን ሰራዊትን፡ ብቐንዱ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምምካት ባዕዳውያን ጸላእቲ ከይተሓለለ ዝሕለፎን ዘሕልፎ ዘሎን ጉዕዞ ቃልሲ ዘንጸባርቕ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣቶ ታኣዘዘ ወሲኹ፡ እዚ ስእልታት'ዚ ከበድ ናይ ሂወት ዋጋ ዝተኸፍለሉ ብምዃኑ፡ ተረኺቢ ወለዶ ብዕምቈት ክየገዝእዎ ኣፍልጦኡ ንምብራኽ ታሪኽ ምብርባር ከምዝድልዮም ኣዘኻኺሩ።

ነጋዶያን ድማ፡ ከምዚ ዓይነት ምርኢት ኣብ ከምዚ ወቕታዊ ኣጋጣሚታት ጥራይ ከይትሓጸረ፡ ኣብ ወሸጥን ወጻእን ብዝሰፍሐን ብቐጻልን ክቐርብ ተላብዮም።

እዚ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ዜናን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ቀሪቡ ዘሎ ኣሳእል፡ ካብ 1979 ክሳብ 2023 ንዝዘረ መድረኻት ዝውክል እዩ።

## ኣ.ማ.ተ. ዞባ ዓንሰባ፡ ናይ ኣካዳምያዊ ዓመተ-ትምህርቲ መዕጸዊ ገይሩ

ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ናይ መጀኦታን ማእከላይን ደረጃ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ክከታተሉ ዝጸንሑ 54 ተኣረምቲ ትምህርቶም ከምዝዛዘሙ፡ ብ15 ነሓሰ ኣብ ዘካየዶ መዕጸዊ ስነስርዓት ገሊጹ።



ኣብ'ቲ ኣዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ኤርትራ ብርጋዴር ጀነራል ግርማይ መሓሪ፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ትካላት መንግስትን ግንባርን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ኣዚዚ ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን ዞባ ዓንሰባ ተለንተ ተስፋሂወት ጉብራይ፡ ተኣረምቲ ፍርዶም ክሳብ ዝውድኡ ኣብ ዝተፈላለየ ትምህርትን ሞያን ከምዝጥዩ ብምሕባር፡ ኣካዳሚያዊ ደረጃኦም ምብራኽ - ካብ'ቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ጉዳይ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ተለንተ ተስፋሂወት፡ ካብ 2012 ኣትሒዙ ን789 ተኣረምቲ - ኣብ ቋንቋታት ትግርኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ዓረብኛን መባእታ ኮምፒዩተርን ዘዘኻሪ ስልጠና ከምእተዋህበ ብተወሳኺ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ንጥፈታት ጽቡቕ ዝርኣዩ ተመሃሮን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ተኣረምትን መተባብዒ ሽልማት ተዋሂሉ።

እቲ ስነስርዓት፡ ብተሃድሶቲ ዝቐረበ ጉጅለ ባህሊ ብዘቕረብዎ ስነጥበባዊ ትሕዝቶ ደሚቑ ነይሩ።

## ሚ/ሕርሻ፡ ንኩነታት ዝናብ ዝምልከት ሓበሬታ ሂቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ትንቢት ኩነታት ዝናብ ክራማት ካብ ሰነ ክሳብ መስከረም - 2023፡ ዝጠዘለ ክፋል ሃገርና - 55 ሚእታዊት ንቡርን ልዕሊ ንቡርን፡ 45 ሚእታዊት ድማ ትሕቲ ንቡር ዝናብ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ከምዝህልዎ ዝእምት ምንባሩ፡ እንተኾነ - ናይ ነዊሕ እዋን ትንቢት ብዑዙሕ ክሊማዊ ኩነታት ዝጽሎ ብምዃኑ፡ እቲ ዝሓሸ ሓበሬታ እቲ ናይ ሓጺር መዓልታት ምዃኑ ኣመልኪቱ።

በዚ መሰረት፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ወርሒ ሰነ ዝወቕዐ ዝናብ ምስ ናይ ዓሚ ብምንጽጻር ዝሓሸ ምንባሩ፤ ኣስታት 83 ሚእታዊት ናይ'ተን ዝናብ ዝዕቀባለን ነቑጣታት ድማ፡ ንቡርን ልዕሊ ንቡርን ዝናብ ከምዝመዝገባ ብምጥቃስ፡ ወርሒ ሓምለ ግን፡ ምስ ናይ ዓሚ ብምንጽጻር ዝተሓተ ዝናብ ከም ዘመዝገበት ኣረዲኡ።

ሰሙናዊ ትንብያን ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታት ዝናብን ከምዝመልክቶ እምበኣር፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ዝናብ እናበርትዐ ይኸይድ ስለዘሎ፡ እቲ ኩነታት ከምኡ እንተቐጺሉ፡ ክሳብ ወርሒ መስከረም ዝናብ ናይ ምህላው ተኽእሎ ዝለዓለ ምዃኑ ኣሚቱ።

## ተጋዳላይ ተኽላይ እያሱ ተሰዊኡ

ኣባል ኩባንያ መጻዓዝያ ሓረት ጉዳም ተጋዳላይ ተኽላይ እያሱ ኪዳማርያም፡ ብ16 ነሓሰ ኣብ ማብል 71 ዓመት ዕድመኡ፡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ተኽላይ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ክፍሊ መጻዓዝያን ተዋጊኡ።



ሰራዊትን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ትካል ረድኤትን ተሃድሶን ኤርትራን ኩባንያ መጻዓዝያ ሓረትን ብዝተፈላለየ መዝነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ ተኽላይ እያሱ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ኣርባዕተ ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ፡ ብ17 ነሓሰ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ኩባንያ መጻዓዝያ ሓረት፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ተኽላይ እያሱ ኪዳማርያም ዝተሰመዮ ሓዘን እናገለጸ ንስድራቤቱ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ፈስቲቫል መግለጺ ክብርን ጽባቐን ባህልና

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

ፈስቲቫል ከም ቃል መበቆሉ ካብ ቛንቋ ላቲን ‘ፈስቱም’ ማለት ‘በዓል’ ዝብል ትርጉም እኳ ዝሕዝ እንተኾነ፡ ኣብ ኩሉ ቛንቋታትና ርዒሙ ይርከብ። ፈስቲቫል ሓደ ካብ’ቶም ኣብ ግዜ ሰውራ ዝተኣታተወ፡ መግለጺ ክብርን ጽባቐን ባህልና እዩ። ብልክዕ ናይ ፈስታ ቅንያት’ዩ። በበዓይነቱ ሕብሪ ዘለዎ ግን ከኣ ዘንጸባርቕ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኣእምሮ ዝሰወጥ ምዕባለታት ዝቐርበሉ እዩ። ሃገርን ህዝብን ኣብ ሓንቲ ደንበ ኣኻኺቡ፡ ምዕባለኣን ከኒታታን ክትመዝኖ እትኽእል ሃዋህው ዝፈጥር ፍሉይ ኣጋጣሚ እዩ።

ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዜናን ዝተዳለወ፡ ንተወራራሲ ታሪኽን ጅግንነትን ወለዶታት ኤርትራ ዝገልጽ ስእላዊ ኤግዚቢሽን ኣብ ተሳተፍቲ ፈስቲቫል ፍሉይ ጦብላሕታ ፈጢሩ ኣሎ። ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብዙሕ ውድድራት እዩ ዝኣንገድ ዘሎ። ከም ያታዊ ትልሂት፡ ያታዊ መኣረሓታት መዚቃ፡ ደኾና ኣብይትን ያታዊ መኣብሮን፡ ኣፋዊ ያታ፡ ውድድር ምርኢት ኤግዚቢሽን … በበሞያኻን ትሕዞኻን ከም ልበኻ ትውዕዶር። ናይ ውድድር መንፈስ ንኽትበልሓትን ጸጋታትካ ክትፍትሸን ስለ ዘኽእል ካብ ዓበይቲ ብልጫታት ኤክስፖ’ዩ። ሓደ ካብ’ዞም ውድድራት ከኣ ናይ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን’ዩ። ምርኢት ያታዊ ትልሂት፡ ሓደ ካብ ብበዙሓት ተበጺሑ ማሰናድኦታት መደብት ኤክስፖ ቅንያት ፈስቲቫል እዩ።

ንጸጉርካ ብዙሓረረ ድኹም እኽልን ስብሕን ልኻይን ኣጥዒጡን ብምልካይ ከጸልምኦን ከለስልስኦን ዝቖርያ ደቀንስትዮ ትግራ፡ ‘ማይ ቷህል’ ብዝተባህለ ቁና ተቐዚሖ፡ ብደርፍን ከበሮን ተዓጂቡ፡ ጸጉረንን ክሳደንን ብወዚ የወዛውዛኦ’ሞ፡ ተደብረን መዝሒብን እናንፈርፈራ ድሙቕ ተሃን ጥበበን የወጽኣ። ብፍሉይ እናጠሩ ከበሮኦም ዝድሰቑን ብሹዳን ስብራን መናኸብም ከም ሴፍ ሰቖጥቀጥ ዘብልዎን ተለሃይቲ ትግርኛ ድሙቕ “ንሕና’ውን ኣይንሓምቕን” ይብሉ። ማእለያ ዘይብሉ ዓይነታት ትልሂትን ህርመታትን ከበሮን ተለሃይቲ ኩናማ ከኣ ፍሉይ ተምሳጥ ይፈጥሩልካ፡ ኮታ ካብ ንሓድሕዱ ዘይሰናኖፍ ኣብ ኩለን ብሄራት ዘሎ ያታዊ ትልሂትን መዚቃን ነቲ ፈስቲቫል ደምቀት ሂቡዎ እዩ።

ሕብረ ብሄር ህርተን ፈታትሸን ጸጋታተን መራምሪርን ብናይ ቅዱስ ውድድር መንፈሰየን ቀሪበን ዘለዋ። ካብ ዓበይቲ ረብሓታት ፈስቲቫል ሓዲ፡ ብመንገዲ ጸጋታትካን ባህላዊ ጽባቐኻን ኣብልካ ተሪዞማዊ ጸላት ምዕባይ’ዩ። ቅርስታትካ፡ ታሪኽካ፡ መኣብሮኻ፡ ኩለንትናዊ ባህላዊ ኣቃውማኻ ንምርኢት ብምቕራብ፡ ተሪዞማዊ ጸጋታትካ ተላለ። ብመንጸርዚ፡ ዘቤታዊ እቶት ንኽዕዝብን ኣብ’ቲ ቅንያት ንዝመጽኡኻ ቱሪስት ድማ ኣብ ወሰን ቦታን መዓልትታትን ብምፍላጥ ምስ ሃገርካ ንምልላይን ይሕግዝ። ውድድራት ያታዊ ትልሂትን መዚቃን’ምበኣር፡ ምስ ያታዊ ሳዕቢትና፡ ያታውያን መኣረሓታትናን ቅኒታቶምን፡ ኣለብብሳን ኣተሓሕዛ ጸጉርን ብሄራትና፡ ፍሉይነትን ተመሳሳልነትን ወግዒታትናን ሕብረ ብሄራትናን ዘሎ ብምፍላጥ ኣብ ዕበየት ተሪዝም ዝህልዎ ኣበርክቶ ቀሊል ኣይኮነን።

ህዝቢ ኣብ ሓደ ቀጽሪ ተሓቚቑፉ ክዛልልን ክዘናጋዕን እናኸተርኢ ዝፈጥረልካ ጦብላሕታ ፍሉይ’ዩ። ፈስቲቫልና ስነትን ምንባርን ዝተሰረተ ባህሊ ህዝብና ዘንጸባርቕ’ዩ። ምዕቃብ ባህልን ክብርታትን ምስጠር ዓወትን ህላወን ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

ብሃፍሲ ወከፍ ብሄር ዝዓሎ ደኾና ኣብይትን ያታዊ መኣብሮን ነቲ ኣብይቲ ንምስራሕ ዝጥቀሙሉ ፍሉይ ክእለት፡ ማለት ኣብ ክብቢኻ ዘለዉ ጥረ ነገራት፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ተጠቒምካ ብውሕሉል ኣገባብ ኣብይቲኻ ምስራሕን ኣቘሑ ገዛ ምድላውን ከመይ ኣብልካ ብጥበብ ትነብር ዝምህር እዩ።

ኣብቲ ደንበ ህጻናት፡ ህጻናት ብዝተፈላለዩ ሕብርታት ደስ ዝበሎም ስእሊ ብናይ ውድድር መንፈስ ይስእሉ። ክዕዘቡ መጺኦም ክሸሞ ተሳተፍቲ ናይቲ ውራይ ይኾኑ። ቀጽሪ ኤክስፖ ጸጸብቑ ንህጻናት ቀዳምነት ዝሰርዐት እያ ትመስሎ። ካልእ ዝተፈላለየ መጻወቲ ህጻናት እዩ ንኣእዛንካ ብዝተፈላለየ ድምጺ ዝጽውዕ። ህጻናት ምስ ወለዶም ኣብ ኣደዎ ዝሓዘዎ መጻወቲ እናወዛወዙ ክንቀሳቐሱ፡ ብናውቲ ስእልን መዚቃን ተሃን ጥበቦም ከወጽኡ፡ ብቴክኖሎጂያዊ ኣገባብ ንብልሒ ኣእምሮኦም ዝፍትን ጸወታታት ክጻወቱ፡ እቲ ፈስቲቫል ዝሃዳ ካልእ ንዕኦም ዝበጽሖም ኩይኑ ይሰምዓኒ።

ካልእ ኣብ ኣደራሽ ምህዞን ሰንዓን ብፍሉይ ኣቓልቦ ህጻናት ካብ ዝሰሓባ ብኩጀሊ ኣቦላት የናን ፕሮዳክሽን ዝቐረበት ብ2D ኣኒመሽን ዝተዳለወት መደብ ህጻናት እያ። ንትሕቲ 11 ዓመት ህጻናት ዝዓለመ ብመልክዕ 2D ኣኒመሽን ዝተዳለወት መደብ ህጻናት እያ። እዛ ስራሕ ናይ ፍርቂ ሰዓት መደብ እያ። ሞሳብና ብዝበሃል ስም ድማ ትጸዋዕ። ኣብ ዘሜኤታዊ ትምህርቲ ዘተኮረት ከኣ እያ። ህጻናት ብናተይም ቛንቛን ባህለን ተረባሕቲ ንምዃን ዝዓለመት ስራሕ እያ። ሓሙሽተ ንኡሳን መደባት ከኣ ተጠቓልል። ቀዳማይ ክፋላ ቁርሲ ክኸውን እንከሎ፡ 2ይ ክፋል ናይዛ መደብ ምሳሕ፡ ኣብ ሳልሳይ ክፋል ጠየሞት፡ ራብዓይ ክፋል ድራር፡ ሓሙሻይ ከኣ መቖሸሽ።

ኣብ ቁርሲ ዕላማዛ መደብ ብዘዕባ ሓደ ህጻን ከመይ ኣቢሉ ሰሪዖጥር፡ ጽሬት፡ ጥዕናኡን ጥዕና ኣካባቢኡን ከመይ ኣቢሉ ከም ዝሕሉ እያ ተብርህ። ኣብ ናይ ምሳሕ መደብ - ታሪኹን ክብርታቱን ብኣዛናዩ መንገዲ ዝተፈላለዩ ነገራት ክማሃሩ ዝኽእል ተዳሊ። እታ ሳልሰይቲ ንኡስ ክፋል ከኣ ጣዕሞት ኩይና ናይ ምዝናይ መደብ እዩ። ምስ ዘዘናግዑ ናይ ሕንቅል ሕንቅሊተይ ምስሌታት መሊኣ ተጠቓልል።

ብድሕሪኡ ኣብ ድራር ብመልክዕ ዛንታን ጽገጽዋይን ዝጭብጥ ትሕዝቶ ዘለዎ ኣቡት ተቐርብ። ህጻን ቅዱሱ ቅንኢ ክሕድር ስለ ዘለዎ፡ ገለ ጸለውቲ ኣቤታት ኣምጺኦኻ ቀሊኡ ነቲ ጸቡቕ ኣቡት ክማሳል ከም ዝፍትን ንምግባር እዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ መቖሸሽ እንቡላ ኣጊደስቲ ሕቶታት ብምልዓል ከመይ ገይርካ፡ እቲ መደብት ብሕጽር ዝበለ ጽማቖ ተዘኻኽርም እዩ። ኣቦላት የናን ፕሮዳክሽን ከም መደብ ሓዞሞ ዘለዉ፡ ሰሙናዊ ናይ ፍርቂ ሰዓት ኣብ ኤሪ-ቲቪ ንምቕራብ እዩ። ኣብ ከምኡ ደረጃ እንተ ተበጺሑ ኸኣ ህጻናትና ካብ ናይ ደገ ኣሉታዊ ጽልዋታት ወጺኦም ብናተይም ባህልን ስዑምሮርን ተኾስኲሶም ንኽዕብዩ ሓጋዚት እያ። ብሓፈሻ ኣብ ምርኢት ምህዞን ሰንዓን ብዘመዝሮ ካልኣይ ደረጃ ቀሪቦም ዘለዉ ፍርያት ካብ ትጸቢት ተሳተፍቲ ንላዕሊ እዮም።

ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤክስፖ ምስ ኣተኻ ድሙቕ ኣበቲ ጥቡብ መንእሰያት ይጸንሑኻ። ኣብ ሰንዓ መንእሰያት ጎፍ ይብሉኻ። ሽዑ ድሙቕ ፈስቲቫል መንእሰያት ኩይኑ ይሰምዓካ።

ኤክስፖና ኩሉ ንኹሉ’ዩ። ሓደ ኤክስፖ እናተዓዘብካ ከለኻ ገለ ዝሓልፈካ ዘሎ ይመስለካ እሞ - ናብኡ ገጽካ ተብል። በየን ጀሚርካ ናበይ ከም እትብል ብሰለዐ ትማታእ። ጨና ዓሳ ኣወናዊታካ ቀድምዶ ክበልዕ ወይ’ስ ዘወርወር ክብል ትብል’ሞ፡ ኣዒንትኻ ግን ክጸዋ ከርሽኻ ይሰዕር። ኣበቲ ኮለልካ ትውድኦ ዘይመስለካ ገፊሕ ኣዳራሽ፡ ዝተፈላለዩ ሰራጥበዊ ንጥፈታት፡ ህጻናት ዓቕሞም ዘንጸባርቑሉ ናይ ስእሊ ውድድራት፡ ታሪኽና ዝሰሓ ዛንታታት፡ በቶም ኣሻቦም መሊኾም ዘርሙኻ ቁልዑ ከይተረፈ ክየለጻልካ እንከሎ፡ እቲ ግፋሕ ናይ’ቲ ኣዳራሽ መመልሱ ይገፋሓካ። እቶም ሕብርታት ኣመና ብዙሓት’ዮም። መንእሰያት ናይ ተበላሓትነት ዓቕሞም ዘኮልሐሉ ዝተፈላለየ ፈጠራ ኣብቲ ቀጽሪ ኤክስፖ ገሊሖ ትረኽቦ፡ ዝተርፈካ ክትምልእ መሊሶካ ትቐጽል። ንልምድታተንን ሜላ መንበሮኣንን ዘንጸባርቕ ኣዘናጋዒ ጸወታታትን ንጥፈታትን የንጸባርቓ።

ንኸድ በሉ፡ ኾኑ ብዙሕ ዝርኣዩ ተረፉና ዘሎ። ገድሊን ማስገደላቱን “ዝይክኣል የለን” ኢሉ ሕሹኽ ይብለካ። እቶም ናይ ሎሚ መንእሰያት ከኣ ብተግባራዊ ተባላሓትነቶም ኣብሎም ነቲ ሕሹኽታ ይደግሙልካ። ቁሩብ ስጉም ምስ ኣበልካ፡ ቤት-ማዝከር ዓቂቦዎ ዘሎ ስነጥንታዊ ንብረት ብዕምሩ ንኣማኢት ዓመታት ንድሕሪት መሊሱ የዋግዓካ። ሸደሽቲኦን ዞባታት ሓቝፊንኦ ዘለዋ ኣብ ውሽጠን ዘሎ ጸጋታት ኣጉሊሐን ኣቕሪበንኦ ኣለዋ። መሻጣ መጽሓፍቲ እውን ኣካል ማሰናድኦ ቅንያት ፈስቲቫል እዩ። ካልእ እታ ከም መለክዒ ጉብዝና ትፍለጥ እምኒ ሓይሊ ፍሉይ ሰምዒት መንእሰያት ዘንጸባርቓላ እያ።

ብሓሙስ ዝወቐዐ ዝናብ ነቲ ፈስቲቫል ተወሳኺ ጽባቐ ሂቡዎ እዩ። ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ዝቐረቡ ዝተፈላለዩ ኣቑሑ ገዛ ዋጋኦም ርትዓዊ ስለ ዝኾነ ተሳታፋይ ንኽዕድግ ዘተባብዕ ሃዋህው እዩ ዘሎ።

ኣብ 1974 ብመልክዕ ገባኤ ኣብ ስደት ብዝነብሩ ኤርትራውያን ዝጀመረ ፈስቲቫል፡ ኣብ መጀመርታ ውሑዳት ኣማኢት ተሳተፍቲ’ኳ እንተ ነበሩ፡ ቀስ ብቐስ ናብ ብዙሓት ከተማታት ኤውሮጳ ገጹ ከስፋሕፍሕ ብምጅማሩ፡ ኣብ ሓጺር ዓመታት ተሳተፍቱ ናብ ኣሽሓት ሰሲኖም። ሽዑ ግዜ ከም ኣውራ መማያየጢ ደሃይ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝነበረ ኤክስፖ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሰፍሐን እናጎልሐን ምስ መጸ፡ ትሕዝቶታቱን ዕላማታቱን’ውን ብእኡ መጠን እናዓመቐ መጺኡ። ዳርጋ ፍርቂ ዕድሚኡ ኣብ ስደት ዘሕለፎ ፈስቲቫል ኤርትራውያን፡ እንሆ ሎሚ ከኣ መንፈሱ ከይቀየረ ከም ኣርማ ሓድነት ኩይኑ ጆባኡ ይብል። እዚ ኩሉ ማሰናድኦታት ክሳብ 20 ነሓሰ ማዕረት ክቕጽል እዩ።













## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.200454-07121322
**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284

ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፈልማዊት መጓሾ

# ንጥፈታት ሕርሻ
# ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ - 2023

ዓንደመስቀል በርሀ ካሕሱ እብሃል። ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት እየ ዝሰርሕ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2023 ከኣ ከም ኣወሃሃዲ ኣዳራሽ ምርኢት ኤግዚቪሽን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኰይነ እነጥፍ ኣለኹ።



ዓንደመስቀል በርሀ

ካብቲ ንምርኢት ቀሪቡ ዘሎ ምስ እንርኢ፡ ንጥፈታት እተን ሰለስተ ዓበይቲ ክፍልታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ማለት ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን፡ ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ከምኡ'ውን ሃገራዊ ላቦራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን ማእከል ዝበረ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ኣብዚ ዓመት ከም መበገሲ ሕርሻዊ ቤት-መዘክር ዝኸውን ንንጥፈታት ሕርሻ ከበሳን መታሕትን ዝውክል ያታዊ መሳርሒ ሕርሻ ንምርኢት ቀሪቡ ንረኽቦ። ኣብዚ ኣተባባዒ ዝኾነ ግብረ መልሲ'ዩ ቐሪቡ። ብዝያዳ ንዝመጽእ ዓመት ብሰፊሕ ክሰርሓሉን ምድላዋት ክግበረሉን ዝድርኽይ እዩ።

ካልእ ፍሉይ ንጥፈት ናይዚ ዓመት ብወገን ኣሃዱ ሕርሻዊ ምህዞ ዝቐረበ መሳጢ ዝኾነ መርኣያታት (models) ዓቢ ኣቓልቦ ዝረኸበ ኰይኑ ኣሎ። ብዝሰፍሐ ኣብ ተግባር ማለት ኣብ ሓረስቶት ክሰርሓሉ ዝብል ርእይቶታት ይመጸና ኣሎ። ከምኡ ውን ንባህርያዊ ድኹዒን ጸረ-ባልዕን ዝገልጽ ብምትሕብባር ሚኒስትሪታት ሕርሻን ሃብቲ ባሕርን ዝዳሎ ዘሎ ሓደ ኽፋል ናይቲ ምርኢት'ዩ።

ብተወሳኺ፡ ብወገን ማሕበር ደቀንስትዮ ሕርሻዊ ንግዲ ኤርትራ (ማሕደኤ)፡ ዝቐረበ ውጽኢት ሕርሻ፡ ኣብ ጸባን ውጽኢት ጸባን፡ ቃንጥሻ፡ እንቋቝሖ፡ ቀመማትን መማቐርትን፡ ውጽኢት መዓር፡ ምቁር ድንሽ፡ ምምስራሕ ካብ እተፈላለዩ ኣሕምልትን ዘራእትን ዝተዳለዉ ዓይነታት ዕሹግ መግቢ፡ በርበረን ካልእን ዘጠቓልል ምርኢት'ውን ኣሎ። እዚ ብነጋድያን ሓደ ካብቲ መሳጢ ኰይኑ ተረኺቡ ዘሎ እዩ።

***



ሳሙኤል በረኸት ገብረማርያም እብሃል። ካብ ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር፡ ኣወሃሃዲ ምርኢት ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2023 እየ።

ሃገራዊ ትካል ሕርሻዊ ምርምር ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል ካብ ኣርባዕተ ጨናፍር፡ ክልተ ናይ ደገፍ ኣሃዱታት ዝተዳለወ ምርምራዊ ስርሓት ብመልክዕ ህያው ትሕዝቶን ፖስተራትን እዩ ንምርኢት ቀሪቡ። ንምርምር ተወርሶኣዊ ጸጋታት ዝውክል፡ ኣብ ጨንፈር ተወርሶኣዊ ጸጋታት ተዓቂቦም ካብ ዘለዉ ልዕሊ 6000 ዝኾኑ ቅምሶታት መቦቀላውያንን ዝረዓሙን (ንነዊሕ ዓመታት ዝተጠቐምናሎም) ናይ ተኽሊ ተወርሶኣዊ ጸጋታት ከምኒ ኣእካል፡ ጥረታት፡ ናይ ቀብኣ፡ መግቢ እንስሳ፡ ናይ መድሃኒትን ቀመማትን 83 ዝኾኑ ንምርኢት ብዝጥዕም ኣገባብ ብፕላስቲክ ተዓሺጎም ቀሪቦም።

ካልእ፡ ንባህርያዊ ጸጋታት ዝገልጹ ዝተፈላለዩ ዓይነት ናይ ሓመድ ቅምሶ መውሰዲ (augures and core augures) ንዝተፈላለየ ኣገልግሎትን ጥቕምታትን ዘገልግል፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሓመድ ከባቢ 10 ዝኾኑ፡ ዝተገበረሎምን ዝተፈላለዩ ናይ ኣእካል፡ ጥረታት፡ ናይ ቀብኣን ኣሕምልትን ኣዝርእቲን ንምርኢት ቀሪቡ ኣሎ። ብፍሉይ ዘርኢ ኣድሪ ብመልክዕ ዘይቲ ኣድሪ ተፈቲኑ ውጽኢቱ ቀሪቡ ይርከብ። ሰለስተ ዓይነት ምቁር ድንሽ ክቐርቡ ከለዉ፡ ንተሳተፍቲ ፈስቲቫል ዝዕደል ሓረግ ምቁር ድንሽ ተዳልዩ ክሳብ ሳልሳይ መዓልቲ ድማ ኣስታት ሰለስተ ሚእቲ ተዓዲሉ'ሎ። ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ሃገርና ዝተኣታተወ ዘርኢ ካሳቫ (cassava) ንተሳተፍቲ ንምልላይ'ውን ሓደ ካብቲ ሒዝናዮ ቐሪብና ዘለና እዩ። ከም መርኣያ ድማ ናይ ዝተፈላለዩ ሓሸራታት ሞዴል ኣካል ናይቲ ምርኢት'ዩ።

ንምርምር እንስሳ ዘርእዩ ድማ ንቐጠልያ መግቢ እንስሳ ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ ናይ ሳዕርን ጥረታትን ኣዝርእቲ፡ ዓይነታት ጥሙር መኣዛዊ መግቢ እንስሳ (feedblock)፡ ናይ ምራኽ መጀመሪ መግቢ (calf starter)፡ ንውጽኢት መጽናዕቲ ቀጠልያ መግቢ እንስሳን መበቆላውያን ጤል-በጊዕን ዝምልከት ዝተገብረ ምርምራዊ ውጽኢት ብፖስተር ቀሪቡ ኣሎ።



ሳሙኤል በረኸት

ብተወሳኺ ኮምፖስትን ዝተፈላለዩ ዓይነት ቀመማዊ ድኹዒ፡ ዓይነታት መሳርሒ ላቦራቶሪ፡ መበቆላውያን ዘርኢ ኣግራብን ቆጥቋጣትን ፍርያቶምን ከምኡ'ውን ፍርያቶም ዕንጼዳ፡ ገመድን ዝኣመሰሉ ንምርኢት ቀሪቦም ኣለዉ።

ብሓፈሻ ኣብ ምምሕያሽ ዘራእቲ ዝግበር ዘሎ ስራሕ ንምንጽብራቕ ድማ ኣብ ምሕያሽ ዘራእቲ ዝርከባ ሰለስተ ኣሃዱታት ዘፍረየኦ ምርምራዊ ስርሓት፡ በብእዋኑ ብዝተገበረሎም ምርምራዊ ስርሓት ዝተዋሰቡን ምምሕያሽ ናይ ባዮተክኖሎጂ ብፍላይ ድማ ብቲሹ-ካልቸር ዝተዳለው ምርምራዊ ስርሓት፡ ኣብ ምብዛሕ ዘርኢ ድንሽ፡ ተኽሊ ባናናን ተኽሊ ተምሪን ብኣካሊት ዝገልጽ መብርሂ ተዳልዮም ቀሪቦም ኣለዉ። ምርምር ተክኖሎጂ መግቢ ዝዳለዉ ዘለዉ ፈተነታት ወሰኽ ክብሪ ምቁር ድንሽ፡ እንጣጢዕ፡ ጥሑን ፉል (Peanut)፡ ካሳቫ፡ ዱባን ዝተመሓየሸ ተወሳኺ መግቢ ህጻናት (DMK) (ብርስን፡ ሩዝ፡ ዓለስ፡ ፉል፡ ቀጠልያ ዓተር) ቀሪቦም ኣለዉ።

***

ኤፍሬም ኣርኣያ ተኽለ እብሃል። ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ክፍሊ ሕርሻዊ ኤክስቴንሽን፡ ጨንፈር ልምዓት ብቑልን እንስሳን ሓላፊ ኣሃዱ ልምዓት መግሃሚን ስጋን ቀርበትን፡ ኣብዚ ፈስቲቫል ድማ ጠርናፊ ዝመጻእክሉ ክፍሊ ኰይነ እነጥፍ ኣለኹ።

ንሎሚ ዓመት ብኽፍልና ሒዝናዮም ቀሪብና ዘሎና ትሕዝቶ፡ ሰለስተ ዓይነታት ቆፎ ንህቢ ማለት ባህላዊ፡ ጋብላዊን ዘመናውን፡ ኣብ ሞንጉኦም ዘሎ ፍልልያት ንምርኣይ፡ ኣብ ምርባሕ እንስሳታት ዝግበር ዘሎ ንጥፈታት ንምግላጽ ድማ ማናቲለ ተባዕታይን ኣንስታይን ከምኡ'ውን ደርሁ፡ ብላንካን ቴትራን ዝበሃሉ ነፍሲ ወከፍ 1 ተባዕታይ 1 ኣንስታይን፡ እዚ ምስ ህዝቢ ብሚኒስትሪ ንኽዕደላ ካብተን ኣብ መደብ ዘለዋ ዓይነት ደርሁ ምኳነን ብመገድና ምሕባር እዩ። ካልእ፡ ሞዴል ሞንጎ ኣድሓነት፡ ንኣደላልዋ መግቢ ህጻን ዝሕብር መጽሓፍ፡ ንንኡስ ውሁድ ስድራቤታዊ መደብ ሕርሻ ዝገልጽ ብሞዴል ዝተዳለወ ምርኢት፡



ኤፍሬም ኣርኣያ

ንወሰኽ ክብሪ ባናና ሲትረስን ምቁር ድንሽን፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ከም ሕብስቲ፡ ሕምባሻ ኬክ፡ ጽማቝ ካልእን ኣመስሪሕካ ክትምገቦ ከም ትኽእል ብኣብነት ቀሪቡ ኣሎ። ብተወሳኺ ኣገዳስነትን ጥቕምን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምስራሕ ከትራትትን ወዘተ ዘጠቓልል፡ ሞዴል ሒዝና ቀሪብና ኣሎና፡

***

ስመይ ሰላም ኣብርሃም በየነ እብሃል። ኣባል ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን፡ ክኢላ ድሕነት መግቢ ኰይነ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ ድማ ከም ጠርናፊት ብኽፍልና ዝቐርብ ምርኢት ኣለኹ። ብሓፈሻ ኣብዚ ሒዝናዮ መጺእና ዘሎና፡ ብክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ዝካየዱ ስራሕ ዝገልጽ እተፈላለዩ ቍጽጽራዊ ስርሓት፡ እንጥቀመሎም ኣዋጃት፡ ፖሊሲታት፡ ሕጋዊ መምርሒ ስራሓት፡ ንህዝቢ መነቓቕሕን መጕሳጕስን እንጥቀመሎም ጽሑፋት፡ ሓጸርቲ ድራማታትን ቪድዮታትን፡



ሰላም ኣብርሃም

ንስራሕና ዝገልጽ ቪድዮታትን ሒዝና ቐሪብና ኣሎና። ብተወሳኺ ዝተፈላለየ ቍጽጽራዊ ስርሓት እንጥቀመሎም መሳርሒታት፡ ንድሕነት መግቢ ዝገልጽ ጽሑፋት ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ምንጻግ ጸረ-ባልዕ ህዝቢ ክጥንቀቐሎምን ክቐድሞምን ዘለዎም መምርሒታት ንምግላጽ ኣገባብ ኣለባብሳ ምሉእ ውሕስነት ዝህብ መከላኸሊ በጃ ኽዳን (PPE) ብምስሊ ሰብ ወይ ባምቡላ ቀሪብና ኣሎና።

***

ስመይ ጽገ ክፍለየሱስ ተኪኤ እብሃል። ኣብ ሃገራዊ ላባራቶሪ ጥዕና እንስሳን ብቑልን (ሃ/ላ/ጥ/እ/ብቑልን) ከም ወኪል ዳይረክተር ኰይነ እሰርሕ። ብትካልና ሒዝናዮ ቀሪብና ዘሎና ንንጥፈታት ሃ/ላ/ጥ/እ/ብቑልን ዝገልጽ፡ ማለት ካብ 1903 ዝጀመረ ታሪኽ ኣመሰራርታ ላባራቶሪ፡ ኣብ 1911/1912 ዝገብሮም ዝነበረ ስርሓት፡ በብግዚኡ ዘገልግሉ ዝነበሩን ክሳዕ ሕጂ ንጥቀመሎም ዘሎና መሳርሒታት ላባራቶሪ፡ ኣብ 2005 ንምጥፋእ ሕማም ጉልሓይ ዝተገብረ ኣበርክቶ ብደረጃ ኣፍሪቃ ነዚ ላባራቶሪና ወርቂ መዳልያ ከምኡ'ውን ብዓለማዊ ትካል ሓለዋ ጥዕና እንስሳ ዝተዋህበ ኤርትራ ካብ ሕማም ጉልሓይ ናጻ ከም ምዃና ዝምስክር ሰርቲፊኬት ሒዝና ቀሪብና ኣለና። ብተወሳኺ ካብ 1903 ዝፈሪ ዝነበረ ዓይነታት ክታበት እንስሳን ሰብን ከምኡ'ውን ኣብዚ ዓመት ብውሽጣዊ ዓቕምና ዘፍረናዮ ክልተ ክታበታት እንስሳ ሕማም ጉልሓይ መሰል ጤለ በጊዕን ሕማም ደርሁ ኒውካስልን ንመርኣያ ሒዝና ቐሪብና ኣለና። ነዘን ዝፈረያ ክልተ ክታበታት ናይ ብቕዓት ምስክር ዝሕብር ድማ ብብቕዓት ዘረጋግጽ ትካል ኣፍሪቃ AU-PANVAC ዝተዋህበና ኣካል ናይዚ ምርኢት'ዩ። ምስ ምንጻር



ጽገ ክፍለየሱስ

ሕማማት ብቑሊ ዝተኣሳሰር ገለ ኣብነት ዝኾኑ ዝተጠቕዑ ዘራእትን ብቑልን ከምኡ'ውን ክፋል መስርሒታት ላባራቶሪ ብቑሊ ቀሪቡ'ሎ።

. . . ይቕጽል





# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ

ኣማኻሪት፤ ሄለው ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኩም ኣለኹም።

ደዋሊት፤ ሄለው ከመይ ውዕልኪ? ሄለን እብሃል። ዕድመይ 26 ዓመት ኮይኑ፡ ካብ ኣስመራ'የ ዝድውል ዘለኹ።

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ሄለን፡ ንስኺኸ ከመይ ውዒልኪ? ዓሚል ናይዚ እንህቦ ኣገልግሎት ኢኺ ትመስሊ። ምኽንያቱ ቅድሚ ብዛዕባ መንነትኪ ምሕታተይ፡ ብጥርኑፍ ነጊርክኒ።

ደዋሊት፤ ሓቅኺ ኢኺ። ክገርመኪ ግን ዓሚል ኣይኮንኩን። እንተኾነ፡ ቅድሚ 2 መዓልቲ ጥዕናዊ ሓበሬታ ደልየ ኢለ ምስ ደወልኩ፡ ሓደ መሳርሕትኹም'ዩ ኣብዛ መዓልትን ሰዓትን ክድውል ብምሕባር ንጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ ክረክብ ከም ዝኽእል ቈጺሩኒ። እቲ ሽዑ መጀመርታ ዝተሓተትክዎ ስለዝዘከርኩ'የ ጥርንፍ ኣቢለ ነጊረኪ።

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ጌይርኪ ሄለን፡ እሞ እንታይ ክሕግዘኪ?

ደዋሊት፤ ንጥዕና ዝምልከት ሓበሬታ ደልየ ነይረ።

ኣማኻሪት፤ ጸገም የለን። ከምቲ ዝተሓበርክዮ ብዓልቲሞያ ጥዕና ስለ ዝኾንኩ፡ ዝኾነ ዓይነት ሕቶ ክትሓቲ ትኽእሊ ኢኺ። እንታይ'ዩ እቲ ዝደለኽዮ ሓበሬታ?

ደዋሊት፤ ናይ ሓሙሽተ ወርሒ ነብሰ-ጾር እየ። ቅድሚ ሳልስቲ ናብቲ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ ዝከታተለሉ ክሊኒክ ምስ ከድኩ፡ ብዛዕባ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ ምሂረን ኣብ ምውድኣን ኣርኪበየን። ኣቐዲመ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ ናይ ምንጻል ምልክት ጥራይ ምዃኑ'የ ዝፈልጥ ነይረ። ሽዑ ግን እተን ኣደታት ብዙሕ ከም ዝተማህራ ክዛረባ ሰሚዐየን። ክገርመኪ ሓደ ግዜ ሓንቲ ቤተሰብ ኣብ ግዜ ጥንሳ መድመይቲ እናጋጠማ ጥዑይ ህጻን ምግልጋላ ኩሉ ግዜ'ዩ ዝድንጽወኒ። ከመይ ኢሉ እቲ ጥንሲ ቀጺሉ ኢለ'የ ዝሓስብ። እዛ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ እትብል ትምህርቲ እንተ ዘርክበላ ብዙሕ ምፈለጥኩ ነይረ። እተኾነ ደንጉየ ብምምጽአይ ኣምሊጣትኒ። ብዓልቤተይ ግን ኣቐዲሙ ናትኩም ኣገልግሎት ይፈልጦ ስለ ዝጸንሐ፡ "ድሓን ገዛ'ሞ ንኺድ ደዊልና ሓበሬታ ክንረክብ ንኽእል ኢና፡" ኢሉ ኣደዓዒሱኒ።

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ሄለን። እቲ ዝበለጸ'ኳ ኣብ ሰዓትኪ ብምኻድ ካብቲ ትካል ጥዕና ዝወሃበኪ ሓበሬታ እንድዩ ነይሩ፡ ንሱ ካብ ሓለፈኪ ግን ዘድልየኪ ሓበሬታ ጆባእ ክብለኪ እየ።

ደዋሊት፤ ሓቅኺ ኢኺ። ኣነ'ውን ብወገነይ ኣብ ትካላት ጥዕና ዝወሃብ ሓበሬታ ክሓልፈኒ ኣይደልን'የ። ኣጋጣሚ ኮይኑ'የ ሽዑ መዓልቲ ደንጉየ። መጀምርታ ክፈልጦ ዝደሊ ነጥቢ፡ ኣብ ግዜ ጥንሲ መድመይቲ እናጋጠመ እቲ ዕሸል ብኸመይ'ዩ ዝቕጽል?

ኣማኻሪት፤ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ ሓደ ካብቶም ሓደገኛታት ምልክታት ጥንሲ ኮይኑ፡ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ሕማምን ሞትን ኣደን ዕሸልን ምዃኑ ንስኺ'ውን ኣይሰሓትክዮን።

ደዋሊት፤ እወ፡ ሓደገኛ ክነሱስ ብኸመይ'ዩ ጥዑይ ዕሸል ክውለድ ዝኽእል እዩ'ኮ ገሪሙኒ ዘሎ።

ኣማኻሪት፤ ሓደገኛ ምዃኑ ምፍላጥኪ ጥራይ ኣዝዩ ዝነኣድ እዩ። ዝኾነት ኣደ ነዚ ተረዲኣ ኣብ ግዜ ጥንሳ መድመይቲ እንተ ኣጋጢምዋ፡ ናብ ትካላት ጥዕና ብቕልጡፍ ክትመጽእ እዩ ዝግባእ። እቲ ዝተረፈ ብሰብ ሞያ ጥዕና ዝረጋገጽን ዝንጸርን እዩ። "ብኸመይ'ዩ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ እናኣጋጠመ ጥዑይ ዕሸል ዝውለድ?" ንዝብል ሕቶኺ ንምምላስ ግን፡ ጠንቂ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ ክንፍትሽ።

ደዋሊት፤ ብዘይካ ምንጻል ጥንሲ ካልእ ጠንቂ መድመይቲ ኣለዉ ማለት ድዩ?

ኣማኻሪት፤ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ ዝተፈላለዩ ጠንቅታት ክህልውዎ ይኽእሉ እዮም። ሓደ ካብቶም ጠንቅታት ድማ ከምቲ ፈሊጥክዮ ዘለኺ ምንጻል ጥንሲ እዩ። እንተኾነ፡ ምንጻል ጥንሲ'ውን ኣብ ዓይነቶም ይፈላለዩ እዮም።

ደዋሊት፤ ምንጻል ጥንሲ ከኣ ዓይነት ኣለዎ?

ኣማኻሪት፤ እወ፡ ውጽኢት ናይቲ ብሰብ ሞያ ጥዕና ዝትግበር ፍተሻን መርመራን ምርኩስ ብምግባር ክፈላለ ይኽእል እዩ። መድመይቲ ጥራይ'ምበር ኣፍደገ ማህጸን ከይተኸፍተ ጥዕና ዕሸልን ኣደን ዘየሰክፍ ምስ ዝኸውን ኣስጋኢ (threatend abortion) ዝብሃል ዓይነት ምንጻል ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ከምዚ ግዜ ቀጻልነት ዕሸል ኣዝዩ ልዑል ስለ ዝኾነ፡ ኣደ ድሕሪ ዘድሊ ኣካላዊ ፍተሻን መርመራን ምኽርን ሓበሬታን ኣሰኒቕካ ንገዛኣ ኢኻ ትመልሳ። ዋላ'ኳ መድመይቲ እንተ ኣጋጠመ ዕሸል ግን ክቕጽል ይኽእል ማለት'ዩ። እቶም ካልኦት ዓይነታት ምንጻል ጥንሲ ግን ኣፍደገ ማህጸን ስለ ዝኽፈት ከከም ኣድላይነቱ ሕክምናዊ ሓገዝ ይትግበር።

ደዋሊት፤ በሊ ኣነስ ድሕሪ መድመይቲ እቲ ጥንሲ ዘቑቑ ኢሉ ዝኸይድ ጥራይ'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ። እሞ እቲ ዓይነት ምንጻል ጥንሲ ዝቕጽል ድዩ ወይስ ዘቋርጽ ድኣ ከመይ ገይርና ንፈልጦ?

ኣማኻሪት፤ እንታይ ዓይነት ምንጻል ጥንሲ ምዃኑ ብሰብ ሞያ ጥዕና ድኣ'ምበር ኣደ ክትፈልጦ ኣይትኽእልን እያ። ኣደ ክትፈልጦ ዘለዋ ኣገዳሲ ነገር እንተ ሃልዩ፡ ዝኾነ መድመይቲ እንተ ኣጋጢሙ ብቕልጡፍ ናብ ሕክምና ክትመጽእ ከም ዘለዋ ጥራይ እዩ።

ደዋሊት፤ እዋይ! ኣብ ዘይሞያይዶ ኣትየ? ብዘይካ ምንጻል ጥንሲ መድመይቲ ዘስዕብ ካልእከ እንታይ ኣሎ?

ኣማኻሪት፤ ኖኖ ጸገም የለን ሄለን። ኣብ ዘይሞያኺ ኣቲኺ ኢለ ዘይኮንኩስ እቲ መፈላለዪ ምልክታት ምምላስ ምድንጋራት ካብ ምፍጣር ሓሊፉ ካልእ ዘምጽኦ ለውጢ ስለ ዘየለ እየ። ጠንቂ ምንጻል ጥንሲ ግን ከምቲ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኺ፡ ካልኦት'ውን ኣለዉ። ገሊኦም ምስ መዳሕንቲ ዝተኣሳሰሩ እዮም፣ ገሊኦም ከኣ እቲ ጥንሲ ኣብ ዘይቦታኡ ስለዝትከል ዘስዕቡ እዮም።

ደዋሊት፤ መዳሕንቲ ድኣ ድሕሪ ሕርሲዶ ኣይኮነን ዝወጽእ? ኣብ ግዜ ጥንሲ ድኣ ብኸመይ ጠንቂ መድመይቲ ይኸውን?

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ኣለኺ ሄለን። መዳሕንቲ ንኣደን ዕሸልን ዘራኽብ ድልድል ኮይኑ፡ ድሕሪ ዕሸል ምውላዱ'ዩ ካብ ማህጸን ዝወጽእ። እንተኾነ፡ ኣብ ገለ ኣደታት መዳሕንቲ ኣብ ዘይቦታኡ (ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ማህጸን ወይ ድማ ኣብ ኣፍደገ ማህጸን) ይትከል'ሞ ጥንሲ እናዓበየ ምስ ከደ (ካብ 20 ሰሙን ንላዕሊ) ንመድመይቲ ይቃላዕ። ኣብ ገለ ኣደታት'ውን መዳሕንቲ ኣብ ቦታኡ ተተኺሉ ክነሱ ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ካብ ቦታኡ ስለ ዝለቅቕ ጠንቂ መድመይቲ ይኸውን።

ደዋሊት፤ እቲ ጥንሲ ኣብ ዘይቦታኡ ምትካልከ ከመይ ማለት'ዩ?

ኣማኻሪት፤ እዚ ድኣ፡ ጥንሲ ካብቲ ግቡእ ክፋል ማህጸን ወጻኢ ክሰረት ከሎ ማለት እዩ። ኣብ ገለ ኣደታት ጥንሲ ካብ ማህጸን ወጻኢ ኣብ ሻምብቆታት ማህጸን ወይ'ውን ምሉእ ብምሉእ ካብ ማህጸን ብምውጻእ ኣብ ከብዲ ክሰረት ይኽእል'ዩ። እቲ ተሰሪትሉ ዘሎ ቦታ ግቡእ ስለ ዘይኮነ ድማ መድመይትን ክቱር ቃንዛን ከስዕብ ይኽእል።

ደዋሊት፤ ወይ ጉድ! እዚ ምክትታል ቅድሚ ሕርሲ ድኣ ነዚ ኹሉ ዝፍትሽ ኣገዳሲ ዕዮ እንድዩ። እዚ ዕሸል ካብ ማህጸን ወጻኢ ዝትከል ዝበልክዮ ከኣ ዝኸፍአ'ምበር!

ኣማኻሪት፤ ኣጆኺ ሄለን። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣዝዩ ሳሕቲ ኣብ ሒደት ኣደታት ዘጋጥም ጠንቂ መድመይቲ ኣብ ግዜ ጥንሲ እዩ።

ደዋሊት፤ በሊ እንቋዕ ሳሕቲ ኮነ። ጥንሲ ክንጸል ከሎ ብዘይካ መድመይቲ ካልእ ምልክታትከ ኣለዎ ድዩ? ማለትሲ ሕርሲ ድዩ ዋላ ምንጻል ክትፈልዮ ትኽእልዶ?

ኣማኻሪት፤ ሄለን፡ ምልክታት ምንጻል ጥንሲ ከከም ዓይነቱ ይፈላለ እዩ። ንኣብነት ኣስጋኢ ምንጻል ብዘይካ መድመይቲ ካልእ የብሉን። እቶም ካልኦት ዓይነት ምንጻል ጥንሲ ግን ቁርጸትን ቃንዛ ከብድን ከኸትሉ ይኽእሉ። ኣብዚ ክንጽር ዘለዎ ግን ብሕክምናዊ ኣገላልጻ ምንጻል ጥንሲ ዝብሃል እቲ ጥንሲ ቅድሚ 28 ሳምንታት እንተ ተነጺሉ እዩ። ካብኡ ንዳሓር ዘሎ ግን ምዉት ዕሸል ምግልጋል ድኣ'ምበር ምንጻል ጥንሲ ኣይብሃልን እዩ።

ደዋሊት፤ እዋይ! ስለዝስ ምንጻል ጥንሲ ኣጋጢሙ ክብሃል እንተ ኾይኑ ዕሸል ኣጸቢቑ ከይማዕበለ ምስ ዘጋጥም ማለት እዩ።

ኣማኻሪት፤ ጽቡቕ ኣለኺ ሄለን። እንተኾነ፡ ዝኾነት ኣደ ኣብ ዝኾነ እዋን ጥንሳ፡ መድመይቲ እንተ ኣጋጢምዋ ተቐላጢፋ ናብ ትካላት ጥዕና ክትመጽእ ኣለዋ።

ደዋሊት፤ ተረዲኡኒ። እዚ ክትገልጽለይ ዝጸናሕኪ ካብ ኮነ ጠንቂ መድመይቲ ደኣ ከመይ ገይርካ ኣብ ገዛ ኮፍ ክብሃል። ሓንቲ ሕቶ ከኣ ሒዟ ዘኪረ። ዓይነት ደም ግድን ድዩ ኣብ ግዜ ጥንሲ ክፍለጥ ዘለዎ?

ኣማኻሪት፤ እወ ግድን'ዩ። ምኽንያቱ ኣርኤች ፋክተር (RH factor) ዝብሃል ምስ ዓይነት ደም ዝልለ ኣገዳሲ ባእታ ኣሎ። ኣርኤች ኣሉታ ዝኾና ኣደታት ድሕሪ ሕርሰን ናይ ዕሸለን ዓይነት ደም ኣርኤች እወታ እንተ ኾይኑ ዝወስድኦ መርፍእ ስለ ዘለወን፡ ዝኾነት ነብሰ-ጾር ኣደ ኣቐዲማ ዓይነት ደማ ክትፈልጦ ይግባእ።

ደዋሊት፤ በሊ የቐንየለይ ጽቡቕ ሓበሬታ'የ ረኺበ። ካብ ሕጂ ንደሓር ድማ ዓሚልኩም'የ ክኸውን።

ኣማኻሪት፤ ገንዘብኪ ሄለን። ዓሚልና ንኽትኮኒ ከኣ ሓንጎፋይ ኢልና ንቕበለኪ።

ደዋሊት፤ ሕራይ የቐንየለይ!

ኣማኻሪት፤ ገንዘብኪ!



## ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

~ ሓደ ሚኒስተር ናይ ሓደ ዓዲ፡ ንመዓልታት ዝኸደ ዑደት ይገብር ነበረ። ብባቡር፡ መኪናን ጃልባን ገይሩ ኸኣ ኣብ ሓንቲ ደሴት በጽሐ። እታ ደሴት ብርቱዕ ቀዝሒ ከም ዘሎዋ'ኳ እንተ መሰከረ፡ ቡቲ ደረት ትራኢትን ጽባቐ ኣከባቢን ናይታ ደሰት ግን ተመሰጠ። ኣብታ ደሴት እናኾለለ ሓንቲ ነበራቲ ደው ኣቢሉ ከዛርባ ጀመረ።

"ንስኹም ኣብ ርሑቕ ቦታ ኢኹም ትቕመጡ ሓቀይ?" በላ።

"ርሑቕ ካበይ?" ክትብል መለሰት።

~ ክልተ ሰብኡት ብሓንቲ ጃልባ ኣብ ሓደ ውቅያኖስ ይጓዓዙ ነበሩ።

እቲ ሓደ ሰብኣይ ኣብ ምድሪቤት ናይቲ ጃልባ ክፍሕር ጀመረ።

"እንታይ ትገብር ኣለኻ? ግድፍ'ባ!" ሓተተን ተማሕጸነን እቲ ካልኣዩ ተገሪሙ።

"ቅሰን ኣጆኻ! ብወገነይ ጥራይ'የ ዝፍሕር ዘለኹ፡" ክብል መለሰ።

***

Insipirationalstories.com



# ኣከባቢ







## ኣዋጃት መሬት፡ ንውሑስ ምሕደራ መሬት

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

መሬትን ምሕደራኡን ብዝምልከት መንግስቲ በበእዋኑ ኣዋጃት፡ ሕጋዊ ምልክታታት፡ መምርሒታትን መኣረምታታትን ከምዝውጽእ ይፍለጥ። ዓምዲ ኣከባቢ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት፡ "ኣገባብ ምርሒትን ኣመሓድራን መሬት" ንምውሳን ኣብ ጋዜጣ ኣዋጃት ኤርትራ ቅጺ 7/1997፡ ቁጽሪ 2፣ ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 31/1997 ዝወጸ ሕጋጋት፡ ከምኡ'ውን "ንምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን" ዝምልከት ኣዋጅ ቁጽሪ 95/1997 ኣኣንጊዳ ምንባራ ይዝከር። እዚ ኣዋጃት'ዚ ኣብ ዓምዲ ኣከባቢ ደገምካ ምቕራቡ ዝተደልየሉ፡ ሕብረተሰብና ብስፍሓት ክርድኦ ብዝዓበለ ዕላማ'ዩ።

ኣብ ናይ ሎሚ ሕታም ከኣ ዓምዲ ኣከባቢ ብዛዕባ'ዚ ሕጋጋት'ዚ ተወሳኺ መብርሂ ንምርካብ ምስ ኣቶ ጸጋይ ተኣምራት፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ግዚያዊ ኣካያዲ ስራሕ ክፍሊ መሬት፡ ዝተኻየደ ቃለ-መሕተት ቀዳማይ ክፋሉ ሒዝትልኩም ቀሪባ ኣላ።

* **ክፍሊ መሬት ብናይ ቅድም ኣጸዋውዓኡ (ኮሚሽን መሬት) ክቖውም ዝደረኾ ኩነታት እንታይ'ዩ ነይሩ? ቅድሚ ምቛሙ'ዚ ክፍሊ፡ ዝነበረ ኩነታት ምሕደራ መሬት ብኸመይ ይግለጽ?**

ንድሕሪት ናብ ታሪኽ ምስ እንምለስ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ እዋን ስርዓት ሃይለስላሴ፡ መሬት ውልቃዊ ሃብቲ (private property) እዩ ነይሩ። ይሽየጥ፡ ይልወጥ፡ ብትሕጃ ይትሓዝ...ወዘተ፡ ከም ውልቀ ንብረት ኮይኑ የገልግል ነይሩ ማለት እዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ ተሓኤ ይኹን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ትሕዝቶ መሬት ለውጥታት ክገብሩ ፈቲኖም። ክልቲኦም ውድባት ዝገብርዎ ዝነበሩ ለውጥታት ኣብ ዝርዝራቱ ዝፈላለ እኳ እንተነበረ፣ ኣብ ዓብዪ ስእሊ ኣእቲኻ ምስ እትርእዮ ግን፡ ንምሕደራ መሬት ብዝምልከት፡ "ህዝቢ ከመይ ገይሩ ይረብሓሉ?" ዝብል እዩ። በዚ ዕላማ'ዚ ክልቲኦም ውድባት ኣብ ዝቈጻጸርዎም ቦታታት ኣብ ስርዓት-ትሕዝቶ መሬት ለውጢታት ንምግባር ይፍትኑ ነይሮም። እቲ ናይ ሽዑ ተበግሶታት፡ ከም መሰረት ናይዚ ሕጂ በጺሕናዮ ዘለና ኣገባብ ምሕደራ መሬት ክንርእዮ ንኽእል።

ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ 1974 ስርዓት ደርግ ናብ ስልጣን መጺኡ። ንሱ ብዋንነት ንመሬት ከተማ ብዝምልከት 47/67 ዝተሰምየ፡ ንሕርሻዊ መሬት ብዝምልከት ከኣ 31/67 ዝተሰምየ ኣዋጃት ምሕደራ መሬት ኣውጺኡ። ውድቀት ስርዓት ሃይለስላሴን ምምጻእ ስርዓት ደርግን ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሕ ፖለቲካዊ ትንታኔታት ዘውጸኦ ታሪኽ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ጉዳይ መሬት እንተድኣ መጺእና፡ እቲ ኣብቲ ሃገር ሰሪቱ ዝነበረ መሳፍንታዊ ኣገባብ ምሕደራ ብመሰረቱ ለዊጡዎ እዩ። እቲ ኣብ ትሕዝቶ መሬት ዝተገብረ ለውጢ፡ ኣብ መንጎ እቶም መሳፍንትን ተወፋርን ዝነበረ ጋግ ንምጽባብ እዩ ነይሩ።

በዚ ከኣ ስርዓት ደርግ ናብ ስልጣን ኣብ ዝመጸሉ ቀዳሞት ዓመታት ካብ ህዝቢ ዓብዪ ተቐባልነት ኽረኽብ ኣኽኢልዎ እዩ። ነቲ ቅድሚኡ ብተመዛዚን ካልኦት ንቑሓት ክፋላት ሕብረተሰብን ዝለዓል ዝነበረ ሕቶ መሬት ንምምላሽ ስርዓት-ደርግ ዘውጽኦ ኣዋጃት፡ መሬት ብህዝቢ ከም ዝውንን (public land) ዝኑብር እዩ ነይሩ።

እቶም ደርግ ዘኣወጆም ኣዋጃት፡ ትሕዝቶኦም፡ ኣብ ግዜ ቃልሲ ከም ውድብ፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ከም መንግስቲ ኤርትራ ምስ ዝገበርናዮ ለውጥታት ዝመሳሰል'ዩ ነይሩ። ኣብ ዝርዝራቱ ፍልልያት ይሃልዎ'ምበር፡ ትሕዝቶኡ ግን፡ "ህዝቢ ከመይ ገይሩ ካብ መሬት ተጠቃማይ ይኸውን" ካብ ዝብል ዕላማ ዝቖለ'ዩ ነይሩ። መንግስቲ ኤርትራ ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ዜጋታት ኣብ መሬት ዘለዎም መሰል፡ ምኽንያት ፍልልያት ሃብቲ ክኸውን የብሉን፣ ሰባት ክንፈላለ እንተደኣ ኳኹና ብእንገዘብር ጻዕሪ ደኣ እምበር፡ መሬት ኣብ ምጥቃም ብዘለና ዕድል ወይ መሰል ክኸውን ኣይግባእን ዝብል ሓሳብ መሰረት ዝገበረ እዩ።

ኣቐዲሙ ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐ ኣብታዊ ስርዓት-ትሕዝቶ መሬት፡ በበኸባቢኡ ዝፈላለ እዩ። ኣብ ገለኡ ከባቢታት ርስቲ፡ ኣብ ገለኡ ጽልማ፡ ኣብ ገለኡ ጉልቲ፡ ኣብ ገለኡ ዴሳ፡ ኣብ ገለኡ ድማ ኳሕ ማሕጸ ብዝብሉ፡ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ዝመሓደር'ዩ ነይሩ። እዚ ኻቱ ማሕንቖታት ስለዝነበሮ ከኣ፡ በቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ዕላማ መሰረት ለውጢ ክግበረሉ ተደልዩ። ከምዝፍለጥ ሰውራ ኤርትራ ህዝቢ ካብ ጭቆናን ባርነትን መግዛእትን ነጻ ንምውጻእ ጥራይ ዘይኮነ ሰር በተኽ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ለውጢ ንምምጻእ ዝዋለመ እዩ ነይሩ።

* **ድሕሪ ናጽነት ዝተገብረ ለውጢ ምስቲ ኣብ እዋን ሰውራ ብህዝባዊ ግንባር ዝተኣታተወ ለውጢ ስርዓት ትሕዝቶ መሬት ብምንጽጻር፡ መቐጸልታኡ'ዩ ክንብሎ ንኽእልዶ?**



ኣቶ ጸጋይ ተኣምራት

ብመንፈሱ ልክዕ ከምቲ ኣብ እዋን ሰውራ ዝተኣታተዎ ዝነበረ እዩ። ኣብ ግዜ ሰውራ ኣብ ገርሚ ዝተወሰደ ስጉምቲ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ናይ ባሕሪ መሬት ብምሉኡ ህዝቢ ብዘረብሓሉ ኣገባብ ክትሓዝ እዩ ተወሲኑ። ኣብ ከባቢ ጽልማን ከባቢ መንደፈራን እውን ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ናብኡ ገጹ ዝኸደ ለውጢ ኣብ ስርዓት ትሕዝቶ መሬት ተገይሩ ነይሩ። ስለዚ እቲ መንፈሱ፡ "መሬት ኣብ ጥቕሚ ሓፋሽ ህዝቢ ምውዓል" ዝብል ስለዝኾነ ሓደ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

መሬት ከም ባህርያዊ ሃብቲ ንኽልና ብምግዕሪ እዩ ዝብጽሓና። ስለዚ ኣብ ሓንቲ ሃገር እንነብር ዜጋታት ብምግዕሪ ናይ ምጥቃም መሰል ክህልወና ኣለዎ። ደርግ ዘኣወጆም ንመሬት ዝምልከቱ ኣዋጃት ጠቓሚና ጸኒሕና። እዚ ኣዋጃት'ዚ ኣብ ኢትዮጵያ ከተግብሮ እኳ እንተኾኣለ፣ ኣብ ኤርትራ ግን ምስቲ ዝነበረ ወተሃደራዊ ኩነታት ብሓደ ወገኑ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ኣውራ ድማ ገጠራት ሰውራ ይቆጻጸሮ ስለዝነበረ በቲ ካልእ ከተግብሮ ኣይከኣለን። ህዝቢ እውን ነቲ ስርዓት ይቕበሎ ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እንከሎ ግን ኣብ ዓንሰባ ዝገበሮ ፈተነ ነይሩ። ዓዲታት ክጥርንፍ እውን ፈቲኑ ነይሩ እዩ።

እንተኾነ ደርጊ፡ ሕቶ መሬት ምስተን ንሱ ዝመስረተን መጋበርያ ማሕበራት (ማሕበር ሓረስቶት) ኣተኣሳሲሩ እዩ ዝርእዮ ነይሩ። ተጠቃሚ ናይቲ ረብሓታት ክትከውን እንተደኣ ኮይንካ ኣባል እዘን ማሕበራት ክትከውን ኣሎካ። እዘን ማሕበራት ፖለቲካዊ ዕላማታት ደርጊ ከተግብራ ዝቖማ ከም ምኳነን መጠን ንናጽነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ዝቃወማ ዝነበራ እየን። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ንሰውራ ይድግፍ ስለ ዝነበረ፡ ተጠቃሚ ናይዚ ረብሓታት ክኸውን ኣይከኣለን።

ስለዚ እዚ ሕጂ ከም መንግስቲ እንነብሮ ዘሎና ለውጥታት፡ መቐጸልታ ናይቲ ብህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜ ሰውራ ዝተፈተነ ለውጥታት እዩ እንተበልና ካብ ሓቂ ኣይረሓቕናን። እቲ ድሕሪ ናጽነት ዝተገብረ ለውጢ ፍሉይ ዝነበሮ ስፍሕ ዝበለን ብደረጃ መላእ ሃገር ትካላዊ መልክዕ ዘለዎን ምዃኑ እዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ንኹሉ ከባቢታት ኤርትራ ይቈጻጸሮ ኣብ ዘይነበረሉ ኩነት፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ዝሰርሕ ኣዋጅ ከእውጅን ከተግብርን ይኽእል ኣይነበረን። ኣብቲ ዝቈጻጸሮ ሓራን ሓውሲ ሓራን መሬት ግን ብዝተኻእለ መጠን ፍትሓዊ ዝኾነ ኣጠቓቕማ መሬት ንኽህሉ ይሰርሓሉ ነይሩ እዩ። ድሕሪ ናጽነትን መንግስቲ ኤርትራ ድሕሪ ምቛሙን ከኣ ኣብ መላእ ሃገር ብማዕረ ዝሰርሕ ኣዋጅ ኣውጺኡ ይሰርሓሉ ኣሎ።

* **ድሕሪ ናጽነት ብመንግስቲ ዝተኣወጀ ንመሬት ዝምልከት ናይ መጀመርታ ኣዋጅ ኣየናይ እዩ? ንሱ ኣዋጅ ዝደረኾ ኩነታትን ዕላማኡን እንታይ ነይሩ? ኣብ ምትግባሩ ዘሎ ብድሆታትከ እንታይ ይመስል?**



እዚ ድሕሪ ናጽነት ዝተኣወጀ ኣዋጅ መሬት ቁጽሪ 58/94 ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ኣብ 1994 ዝተኣወጀ ኮይኑ፡ መሬት ብሃገር (state) ከም ዝውሃን ዘጸረ እዩ። መሬት፡ መሬት መንግስቲ ንብል ኢና። መንግስትን ሃገርን (State and Government) ግን ፍልልይ ኣለዎ። መንግስቲ ክበሃል ከሎ፡ ሓደ ትካል እዩ። መንግስቲ ዝበሃል ትካል፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝርከብ ህዝቢ ከመይ ገይሩ ብሰላም ይነብር፡ ይብልጽግ፡ ልኡላውነቱ የውሕስን ምዕባለ የምጽእን ...ወዘተ. ዝሰርሕን ሓላፍነት ዝስከምን ትካል እዩ። መንግስቲ ነዚ ክገብር እንተደኣ ኾይኑ፡ መሬት ሓደ ካብቶም ቀንዲ መሰረታት ህይወት ስለዝኾነ፡ መሬትን ኣብኡ ዝርከብ ባህርያዊ ሃብቲን (ማይ፡ ማዕድናት ወዘተ) ብግቡእ ክመሓድሮ ኣለዎ። መሬት ግቡእ ክንክን እናተገብረሉ፡ ቀጻልነት ብዘለዎ ኣገባብን ብዘለዓለ ደረጃን ኣብ ጥቕሚ ህዝብን ሃገርን ከምዝውዕል ንምግባር ክሰርሕ ኣለዎ።

ላዕለዋይ ቀጻሊ መሬት ንኽፃምሰራሕ፡ ኣሽሓት ዓመታት'ዩ ዝወሰደሉ። ብኣንጻሩ ግን ኣብ ሓጺር ግዜ ብፍግረ መሬት ተገሓጒጉ ክጠፍእ ይኽእል። ነዚ ብምግንዛብ ዘሎና ባህርያዊ ሃብቲ ብግቡእ ክዕቀብ፡ ነዚ ህልው ወለዶ ጥራይ ዘይኮነ ንመጻእቲ ወለዶታት እውን ብዘርብሕ ኣገባብ ክመሓደር የድልዩ። በዚ ዕላማ'ዚ ድማ ጉዳይ መሬት ማይን ኣከባብን ኣብ ትሕቲ ሓደ ሚኒስትሪ ከምዝመሓደር ተገይሩ።

ብኻልኣይ ደረጃ ዕላማ ኣዋጅ መሬት፡ ኣብ ሃገር ዝጸንሐ መሬት ጠቀስ ግርጭታት ክፈትሕ ዝዓለመ እዩ። 'መሬት-መሬት መንግስቲ እዩ' ክበሃል እንከሎ፡ መንግስቲ ሓላፍነት ስለ ዝወሰደ፡ ኣብ መንጎ ዓድታትን ውልቀ ሰባትን ዝርኣ ግርጭታት መሬት መንግስቲ ነዚ ኣዋጅ'ዚ መሰረት ገይሩ ፍታሕ ይረኽበሉ።

* **ዋንነት ዝጠንቁ ኣብ መንጎ ዓድታት ይኹን ውልቀሰባት ዝኸሰት ግርጭት ብመሰረት'ዚ ኣዋጅ'ዚ ከምዝፍታሕ ገሊጽካ? ኣብ ልዕሊ መሬት ዝካየድ ልምዓታዊ ንጥፈታት ብዝምልከት'ከ ኣዋጅ መሬት ብኸመይ ይጥምቶ?**

ልምዓት ክበሃል ከሎ ብዙሕ መዳያ ዝሓቖፈ ንዊሕ ግዜ ዝዓለመ እዩ። ልምዓት ከተረጋግጽ፡ መሬትን ኣብኡ ዝርከብ ባህርያዊ ሃብቲን ወሳኒ እዮም። በዚ ምኽንያት ኣዋጅ መሬት እዚ ኣብ ግምት ኣእትዩ ዝወጸ እዩ። ዓንቀጻት ናይቲ ኣዋጅ ብዝርዝር ምስ እንምልከቶ፡ ኣብ ልዕሊ መሬት ርእሱ ማለት ዘውፍሩ ኣውፈርቲ (ሓረስቶት) ልቦም ወዲቑሎም ዘለዎም ሃብቲን ጉልበትን ክፍስሱ ምእንቲ፡ እቲ ዝተፈቕደሎም መሬት ብህይወት ክሳብ ዘለዉ ክሕዝዎ ዕድል ዝሀብ እዩ። ኣብቲ ዝጸንሐ ኣብታዊ ስርዓት ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሽውዓተ ዓመታት ዋሪዳ መሬት ይግበር ነይሩ።

እዚ ናቱ ጸገማት ኣለዎ። እቲ ሓረስታይ ዝጥቀመላ መሬት ድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ምስኡ ክትቅጽልን ከይትቕጽልን ስለ ዘይፍለጥ፡ ኣብኣ ዝኑብር ወፍርታት ኣይህልዉን። ነቲ መሬት ግቡእ ክንክን ኣይገብረሉን። እዚ ድማ ንፍግረ-መሬትን ምድካይ ሓመድን ዘቃልዕ እዩ። ስለዚ ኣብ መሬት ሕርሻ ብስሩ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማ ዝስዕብ ፍግረ-መሬት ንምግታእ፡ ተጠቃማይ እታ ዝሓርሳ መሬት ብህይወት ክሳብ ዘሎ ክጥቀመላ ዕድል ክወሃቦ ኣለዎ። መሰል ተጠቃምነት ሕርሻ ዝተወሃቦ ሰብ ዘለዎ ዓቕሚ ኣውፊሩ ክሰርሓን ፍረ-ጻዕሩ ክሓፍሰን ምእንቲ ከኣ፡ እቲ ኣዋጅ ዝኣክል ግዜን ዕድልን ሂብዎ ኣሎ።

**ይቕጽል**





ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ ህኩይ ሓረስታይ

ሓደ እዋን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝቕመጥ ኤሪክ ዝበሃል ኣዝዩ ሃኳይ ሓረስታይ ነበረ። ኤሪክ ንግራቱ ምጽሃይ ኣይፈቱን ነበረ። ኣጣሉ፡ ኣጠቢዑን ከብቱን ብጥምየት ይሳቐያ ነበራ። ገዛኡ ድማ ስኣን ምትዕርራዩ፡ ክፈርስ ቀረበ። በዓልቲ ቤቱን ክልተ ደቁን ግን ኣዝዮም ህርኩታት ነበሩ። እንተኾነ እኹል ዝኾነ ዝበልዕ ኣይነበሮምን። ክዓውንቶም'ውን ዝኣረገ ነበረ። ብሰንኪ ትህኪት ኤሪክ፡ እታ ስድራ ድኽነት ኣጥቀዓ። ክንዲ ዝኾኑ፡ ደቁን በዓልቲ ቤቱን ሕጉሳት ኣይነበሩን።

ሓደ ንግሆ፡ ኤሪክ ኣዝዩ ስለ ዝጠመየ፡ ንኣና በዓልቲ ቤቱ ከምዚ በላ፡

ኤሪክ፡ ኣዝየ'ምበር ጠምየ። በጃኺ'ባ ኣና ገለ ዝበልዕ ሃብኒ።

ኣና፡ መግቢ ዝበሃል የብልናን። ዘይሰርሐ ክበልዕ ኣይክእልን'ዩ። ኣብዚ ምስውሳው ካብ ምግል ዘይትሰርሕ ግዱ።

ኤሪክ፡ ጠምየን ደኺመን ከለኹ'ሞ ከመይ ኢለ ክሰርሕ፧

ኣና፡ ኤሪክ ሰንፍና በሊዑካ ኣሎ። ካብ ሰብት ገንዘብ ተለቂሕካ ኣለኻ። ስራሕ ፍቶ። ኪድ ስራሕ።

ብድሕሪኡ፡ ኤሪክ ካብ ገዝኡ ወጺኡ ንበርካ ገጹ ከደ። ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ገረብ ድማ ኮፍ በለ። ሽዑ ምስ ኑብሱ ክዛረብ ጀመረ።

ኤሪክ፡ ሕጂ'ሞ እንታይ'የ ክሰርሕ?

ዛንታ

ስራሕ ዝበሉዎ ኣይፈቱን'ዩ። ኣብ ትሕቲ'ዛ ገረብ ኩይኑ ምዕራፍን ምድቃስን ይሕሸኒ። ክንደይከ ይጥዕም። ዛሕሊ'ውን ኣሎዎ።

ኣብ ትሕቲ እታ ገረብ ከሎ፡ ኣብ ጥቕኡ ዝወደቐት ሻምብቆ ረኣየ። ከይዱ'ውን ኣልዓላ። ኣዝዩ ድማ ተሓጎሰ። ሻምብቆ ምጽዋት ኣዝዩ ይፈቱ ብምንባሩ ኣብ ትሕቲ'ታ ገረብ ኩይኑ ክወቕዓ ክውዕል ወሰነ። ነታ ሻምብቆ እናጻወተ ክርእያ ከሎ፡ ሜሪ ትበሃል ጉረብቱም ዘንበል ሐዛ ኣብ ጥቕኡ በጽሐት። ምስኣ ድማ ዕላል ጀመረ።

ኤሪክ፡ ከመይ ሓዲርክ፧

ሜሪ፡ ከመይ ሓዲርካ ኤሪክ፧ ከመይ ቀኒኻ፧

ኤሪክ፡ ደኺመን ጠምየን ኣለኹ። ገለ ዝበልዕ ኣብቲ ዘንበልኪ የብልክን፧

ሜሪ፡ እወ። ባሪ፡ ሚሊ ጸባን በናናን ኣሎኒ።

ኤሪክ፡ ግርም። እሞ ካብኡ ደኣ ዘይትህብኒ።

ሜሪ፡ ክህበካ እኽእል'የ። እንተኾነ ግዱ ገንዘብ ክትከፍለኒ'ለካ።

ኤሪክ፡ ገንዘብ ደኣ ዘይብለይ። ኣብንድኡ ግና እንኪ'ዛ ሻምብቆየ።

ሜሪ፡ ሻምብቆኻ ኣይተድልየንን'ያ። ገንዘበይ ዘድልየኒ።

ኤሪክ፡ ጽብቕቲ ሻምብቆ እኳ'ያ። ዋላ ከስምዓኪ።

ኤሪክ ከስምዓ ኢሉ ነታ ሻምብቆ ክወቕዓ ጀመረ። እታ ጓል ድማ፡ ብዘይ ድሌታ ክትሰዕስዕ ጀመረት። ዋላ ደው ክትብል እንተደለየት፡ ደው ምባል ኣበየ።



ሜሪ፡ በጃኻ! በጃኻ ኤሪክ! ምስዕሳዕ ከቋርጽ ኣይከኣልኩን። ሻምብቆኻ ምውቃዕ ኣቋርጽ በጃኻ!

ኤሪክ፡ ወይለይ፡ እዛ ሻምብቆ ተኣምራታዊት'ያ። ሜሪ ሳዕስዒ! ኣጸቢቕኪ ደኣ ሳዕስዒ! ፎርሳ ሜሪ!

ሜሪ፡ በጃኻ ኤሪክ፡ ሻምብቆኻ ደው ኣብሎ። ከሉ መግበይ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። ገንዘብ ዝበሃል ኣይሓተትካን'የ። በጃኻ ደው ኣብሎ።

ኤሪክ፡ ጽቡቕ! የቐንየለይ። ሕጂ ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ።

ሜሪ፡ ርጉም ፍጥረት ኢኻ ኤሪክ። ንሸኻ ንኽሉ'ቲ መግበይ ወሲደካዮ። ንዓይ ግን ሓንቲ ሳንቲም'ውን ኣይሃብካንን።

ብድሕሪኡ፡ ኤሪክ ኣብ ትሕቲ'ታ ገረብ ኮፍ ኢሉ ነቲ ብዓመጽ ዝረኸቦ መግቢ ክበልዕ ጀመረ። ንብዩ ድማ ከምዚ በለ፡

ኤሪክ፡ እህም.... ክንደይከ ይጥዕም እዚ ባሪ። እዚ ሚሊን በናናን ድማ ክምቅር። ናይዛ ሻምብቆ እሞ ኸኣ ዘረባ የብሉን። ክወቕዓ እንተጀሚረ ሰብት ምስዕሳዕ ከቋርጹ ኣይክእሉን። ሽዑ ዝደለኹዎ ይህቡኒ። ኣሃ! እንታይ ዝኸውን ስራሕ'ዩ። ከምኡ ኢሉ እናሓሰበ ከሎ፡ ሓደ ጓሳ ጤለበጊዑ ሐዙ ናብ ጥቓ ኤሪክ ቀረበ። ኤሪክ ድማ ሰላምታ ለገሰሉ።

ኤሪክ፡ ከመይ ሓዲርካ፧

ጓሳ፡ ከመይ ሓዲርካ፧

ኤሪክ፡ ክንደይ ደኣ ይጽብቓ እዘን ጤለ ጤለበጊዕ፡ ክወስደን'የ፧

ጓሳ፡ ይከኣል'ዩ። ግዳ ገንዘብ ክትህበኒ'ለካ።

ኤሪክ፡ ገንዘብ ዝበሃል ዘይብለይ። ግዳ ነዛ ሻምብቆ ክትወስዳ ትኽእል ኢኻ።

ጓሳ፡ ሻምብቆኻ ኣይተድልየንን'ያ። ብገንዘበየ ንጤለበጊዐይ ዝሸጠን።

ኤሪክ፡ ክትጥዕም ጉዳም'ያ፡ ስምዓያ'ንዶ።

ኤሪክ ከስምዖ ኢሉ ነታ ሻምብቆ ክወቕዓ ጀመረ። እቲ ጓሳ ድማ ብዘይ ድሌቱ ክስዕስዕ ጀመረ። ዋላ ደው ክብል እንተደለየ ደው ምባል ኣበዮ።

ጓሳ፡ በጃኻ! በጃኻ! ደው ክብል ኣይከኣልኩን።

ኤሪክ፡ ኣጆኻ ሳዕስዕ ደኣ። ቅልጥፍ ቅልጥፍ በል።

ጓሳ፡ በጃኻ ሻምብቆኻ ምውቃዕ ኣቋርጽ። ዋላ ንኹለን ወሰደን።

ኤሪክ፡ የቐንየለይ። ሕጂ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

ጓሳ፡ ንስኻ ሰይጣን ኢኻ። ንሸኻ ንጤለበጊዐይ ወሲደካየን። ኣነ ግን ሳንቲም'ውን ዘይብለይ ንገዛይ እምለስ ኣለኹ።

ይቕጽል

## ፈስቲቫል ኤርትራ ብዓይኒ ቁልዑ

**ሕንቅል ሕንቅሊተይ?**

**ስናብ ስናቢተይ**

**ሽዱሽተ ዞባታት፡ ትሽዓት ብሄር**

**ብሓደ፡ ኣብ ሓደ ቀጽሪ ዝርከብሉ**

**ጽምብል እንታይ ይበሃል?**

**እዚኣ ደኣ ቀሊል፡ ፈስቲቫል ኤርትራ**

**ፈሊጥካያ!**

ዝተፈተኹም ተመሃሮ እዚ ዘለናዮ ቅንያት ሃገራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ ዝቶየደሉ ቅንያት እዩ። ስለዝኾነ ድማ ንሕና ናብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብምኻድ ሃዋህው ፈስቲቫል ተዓዚብና ምስ ቁልዑ ዝገበርናዮ ዕላል ይቕጽል። ሰናይ ቅንያት ፈስቲቫል፡ ሰናይ ክረምት!

* * *

**ምስ ኑብሽኺዶ ከተላልዩና፧**

ስመይ ሶማርያ ተስፋም እበሃል። ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓወት ተመሃሪት ራብዓይ ክፍሊ እየ።



**ናብ ፈስቲቫል ምስ መን መጺእኪ፧**

ምስ ማማ፡ ዓባየይን ከምኡ'ውን ምስ ኣሕዋተይ መጺአ ኣለኹ።

**ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ እንታይ ተዓዚብኪ፧**

ብዙሕ ነገራት ተዓዚበ፡ ንኣብነት መጻሕፍቲ፡ ናይ ገጠር ናብራ፡ ክዳውንቲ፡ ህበይ ኣብ ጉብዖ፡ ጆሎት ተዓዚበ ጣዕምያ ድማ በሊዐ። ኣብዚ ብምውዓለይ ተሓጒሰ ወዓለ።

**ንኸምዚ ከማኺ ዝይመጽኡ ተመሃሮ እንታይ ትብልዮም፧**

ኣብ ኤክስፖ ብዙሕ ትምህርቲ ስለዘሎ መጺእኩም ተዓዘቡ እብሎም። ኣብዚ ምስ መጻእኩም ክትሕጎሱ ኢኹም እብሎም።

****

**ምስ ኑብሰኻዶ ከተላልየና፧**



ስመይ ኣማኑኤል ክብረኣብ እበሃል። 2012 ኣብ ኣስመራ ተወሊደ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ቀሓይቶ ተመሃራይ ሓሙሻይ እየ።

**ናብ ፈስቲቫል ምስ መን መጺእካ፧**

ምስ ማማን ኣሕዋተይን መጺአ ኣለኹ።

ጣ ድማ ኣብዚ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ።

**ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ እንታይ ተዓዚብካ፧**

ብዙሕ፡ ምርኢት ናይ ዞባታት፡ ቀሽት ህጻናት፡ ተመሃሮ ዝሰርሕዎ ምህዞ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ስእሊ ቦታ በጺሐ ስኣለ። ኣብ ናይ ኮምፕዩተር ቦታ በጺሐ ድማ ኮምፕዩተር ተማሂረ።

**ካብዚ ዝተዓዘብካዮ እንታይ ተማሂርካ፧**

ኣይክእሎ'ንየ ኢልካ ዝኾነ ነገር ክትገድፍ ከምዘይብልካ ተማሂረ። ኣብዚ ዘለዉ ንኡዓት ተመሃሮ ብዙሕ ነገር ሰሪሖም ኣለዉ። ኣነ ድማ ቀኒአ ኣለኹ። ዝኾነ እትሓልሞ ክትፍትኖ ከምዘለካ ካብዞም ምህዞ ሰሪሖ ዘቕረቡ ተማሂረ ኣለኹ።

**ናብ ፈስቲቫል ዘይመጽኡ ተማሃሮ እንታይ ትብሎም፧**

ብዙሕ ትምህርቲ ይሓልፈኩም ስለዘሎ ናብ ፈስቲቫል ኤርትራ መጺእኩም ተመሃሩ ስኣሉ፡ ተዘናግዑ እብሎም።

****

**ምስ ኑብሽኺዶ ከተላልዩና፧**

ስመይ ሩፍታ ዳንኤል እበሃል። ዕድመይ ሸውዓተ። ኣብ ቤት ትምህርቲ በዪሉል ካልኣይ ክፍሊ እመሃር።

**ናብ ፈስቲቫል ምስ መን መጺእኪ፧**

ምስ ማማ፡ ዓባየይ፡ ከምኡ'ውን ሓወይ ብሩኽ ሓብተይ ሜሪ ምሳይ መጺኦም ኣለዉ።

**እንታይ ክትገብሪ ኢኺ መጺእኪ፧**

ፈስቲቫል ኤርትራ ስለዝኾነ ክዛወርን



ኣብ ኤክስፖ ዘሎ ነገራት ክርእ።

**ሕራይ እንታይከ ርኢኺ፧**

ኣብ ኤክስፖ ህበይ፡ ኣብ ጉብዖ፡ ጠሊ፡ ናይ ኮምፕዩተር ትምህርቲ፡ ጸወታ ሹተት ስሊል። ከምኡ'ውን ብዙሕ ዓይነት ኣኮዳድና ርእየ።

****

**ምስ ኑብሽኺዶ ከተላልዩና፧**

ስመይ ራኬብ ኤፍሬም እበሃል። ካብ ዓዲ እንግሊዝ መጺአ። ዓድና ጽቡቕ እዩ።

**ናብዚ ምስ መን መጺእኪ፧**

ምስ ዓባይ ሓብተይ፡ ጓል ሓወቦይ ክንዛወር መጺእና።

**ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ እንታይ ተዓዚብኪ፧**

ብዙሕ ነገራት ተዓዚበ፡ ዝተፈላለዩ ብሄራትን ባህልን ርእየ። ብሄራት ኤርትራ ከመይ ከምዝኸደኑ ከመይ ከምቕሃኑ ተዓዚበ፡ ካልእ ተመሃሮ ዝሰርሕዎ ምህዞታት ርእየ። ካልእ ድማ በለስ ፋል በሊዐና። ዝተፈላለየ ግዝወቲ ድማ ርእየ።

**ካብዚ ዝተዓዘብክዮ እንታይ ተማሂርኪ፧**

ኣብ ኤርትራ ዝተፈላለየ ባህሊ ዘለዎም ብዙሓት ሰባት ከምዘለዉ ፈሊጠ። ዝተፈላለየ ኣኮዳድና ከምዘሎ ተረዲኤ'ለኹ። ካልእ ከኣ ትግርኛ ከመይ ገይርካ ትስዕስዕ ርእየን ሳዕሲዐን።







# ንኣፍልጦ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሰ

## ቺንዋ ኣቸበ

ዓለማዊ ተቐባልነት ካብ ዝረኸቡ ጸሓፍቲ ኣፍሪቃ ሓደ'ዩ። ሓበን ኣፍሪቃዊ ስነጽሑፍ እናተባህለ'ውን እዩ ዝጥቀስ - ቺንዋ ኣቸበ። ንሱ ኢግቦ ኣብ ዝበዝሓ ክፍሊ ናይጀርያ ኣብ እትርከብ ኡጂዲ ዝተባህለት ንእሽቶ ዓዲ ብ16 ሕዳር 1930 ተወሊዱ። ባህሊ ተቐማጦ ኡጂዲ ብዛንታታት ዝተኣደቐ'ዩ። ብኡ ዝኣክል ቺንዋ ኣቸበ እውን ምስ ዛንታታት'ዩ ዓብዩ።

ቺንዋ ኣቸበ ወላዲቱ ጃንት ኣናንቲ ገና ኣፍ ከየጽረየ ከተዘንትወሉ ጀሚራ። ፈደል ከይቁጸረ ከላ ምሉኣት ዛንታታት ኣብ ኣእምሮኡ ኣከበ። ኣብ ኡጂዲ ዛንታታት ኣካል መዓልታዊ ንጥፈታት ህይወቱ'ዩም ነይሮም። ምስ መሳትኡ ምጽዋት ባህ ይብሎ ከምዝይነበረ ዝነገረሉ ቺንዋ ኣብ'ቶም ዛንታታት ዝበዩ ጠቢያት'ዮም ኣዕሩኽቱን መሓዙቱን ነይሮም። ሓንቲ ምሸት'ኳ ዛንታታት ከይሰመዐ ወይ'ውን ከየዘንተወ እንተሓሊፉ፡ ካብ ዕለታዊ



ናብራኡ ገለ ዘጉደለ ማሰሉ'ዩ ዝስመዖ ዝነበረ። ወላዲኡ ኢሳህ ኣቸበ ዋላ'ኳ ክቱር ድሌት ትምህርቲ እንተነበሮ ከም ባህጉ ክመሃር ዕድል ከይረኸበ'ዩ ዓብዩ።

በዚ ምኽንያት ንሱ ኣብ ንእሱ ዕድመኡ ክረኽቦ ዘይከኣለ ዕድል ትምህርቲ ወዱ ቺንዋ ምእንቲ ክረኽቦ ሃረር ይብል ነበረ። ንሱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከይዱ ንዝመሃሮ ዝነበረ ትምህርቲ ኣብ ግዛውን ቀጻሊ ደገፍ ወላዲኡ ነበሮ። ኣቦኡ ብዘጥቅዖም ዝነበረ መሃርቲ ወረቓቕቲ መንደቕ ገዛኦም ምሉእ ብምሉእ ይሽፈን ምንባሩ ይዝክር። ጥቕሚ ትምህርቲ ግርም ገይሩ ተገንዚብዎ ዝነበረ ወላዲኡ ገና ወዱ መባእታዊ ትምህርቱ ከይዛዘመ'ዩ መጽሓፍቲ ክእክበሉ ጀሚሩ። ቺንዋ ኣቸበ ካብ መባእታዊ ክሳብ ናይ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ብዓወት እዩ ዛዚምዎ።

ቺንዋ ኣቸበ ኣብ ኮሌጅ ግራመር ስኩል መሓዙኡ እታ ቤት ንባብ እያ ነይራ። ኖቲ ምስኡ ዝዓበየ ናይ ምንባብ ባህሊ ደማ ደረያ። ኣብ 1948 ኢባዳን ዝተሰምየት ኣብ ናይጀርያ ናይ ፈለማ ዩኒቨርሲቲ ቆመት። እቲ ኣብ ኮሌጅ ልዑል ነጥቢ ኣዋህሊሉ ዝነበረ ቺንዋ ኣቸበ ድማ ዕድሉ ጸቢቑሉ ናብቲ ዩኒቨርሲቲ ተጸምበረ። ቺንዋ ኣቸበ ኣብቲ ቀዳማይ ዩኒቨርሲቲ ሃገሩ ክጽምበር ዕድል ምርካቡ ኣሐጉሶ'ዎ'ዩ። ወላዲኡ ኢሳህ ኣቸበ ዝተሰመዖ ባህታ ግን መዳርግቲ ኣይነበሮን።

ንሱ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኢባዳን ዓውዲ ቋንቋ እንግሊዝኛ ክጽንዕ ወሰነ። ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ዓውደ ቋንቋን ስነጽሑፍን ወሩያት ዝነበሩ ኢሉቺ ኣማዲን ክሪስቶፈር ኦኪቦን መምሃራን ናይ'ቲ ዩኒቨርሲቲ'ውን ስለዝነበሩ ንቺንዋ ጸቡቕ ኣጋጣሚ'ዩ ኮይንዎ። በዚ'ውን ሰብ ገና እናተኣልየ'ውን ትምህርቱ ተኸታተለ።

ቺንዋ ኣቸበ ገና ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ እንከሎ "ኢን ዘ ቪሌጅ ቸርች" እትብል ቀዳመይቲ ሓጻር ዛንታ ጸሓፈ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኢባዳን ቀዳማይ ዲግሪ ምስ ዛዘመ ኣብ ኣብ እትበሃል ዓዲ መምህር ኮይኑ ክሰርሕ ተቖጸረ። ኣብ ኦብ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ጥራይ ምስ ጸየ ግን "ናይጀርያን ብሮድካስቲን ሰርቪስ" ምስ እትበሃል ትካል ክሰርሕ ዕድመ ተዓደመ። ቺንዋ እውን ተሰማሚዑ ናብ ከተማ ሌጎስ ኣምርሐ። ኣብ ከተማ ሌጎስ ከሎ ልቡ ወለዳዊ ጽሑፋት ክጽሕፍ ጀመረ። ኣብቲ እዋን ንቺንዋ ኣቸበ ኢንስፓየር ዘምበረ ናይ ዝበዝሐ ናይጀርያዊ ጸሓፊይ ቅዲ'ዩ ዝምስጦ ነይሩ። ከምኡ እናበለ ኣብ 1958 ቺንዋ ኣቸበ ካብ ሃገሩን ኣፍሪቃን ሓሊፉ ብደረጃ ዓለም ደሓን ኣንበብቲ ዝረኸበት መጽሓፍ 'ቲንግስ ፎል ኣፓርት' ጸሓፈ። ብድሕሪኡ'ውን ኣከታቲሉ 'ኣሮው ኦፍ ጎድ'፡ 'አ ማን ኦፍ ፒፕል'፡ 'ኣንቲልስ ኦፍ ዘ ሳቫናሃ' ዝበሃሉ መጽሓፍቲ ጸሓፈ። ቺንዋ ኣቸበ ብዘይካ'ዚ 'ሚረጅ ኢዝ፡ 'አ ፕራይቬት ኣፈየር'፡ 'ደድ ማንስ ፓዝዌይ 'ሲቪል ፒስ'ን ዝርከብኦም ብርክት ዝበሉ ሓጸርቲ ዛንታታት ጸሓፈ። ሰብ ታሪኽ እምበር ነባሪ ስለ ዘይኮነ ኣብ 21 መጋቢት 2013 ከኣ ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዩ።

## ኤልኒኖን ላኒናን

ኤልኒኖን ላኒናን ኣብ ልዕሊ ኩነታት ኣየር ዓለምና ዓቢ ጽልዋ ዘለዎም ናይ ወቅያኖስን ከባቢ ኣየርን ምንዋጻት'ዮም። እዞም ክልተ ተርእዮታት ምስ ስሩዕ ምልውዋጥ ወቕቲታት ኣይቅየሩን'ዮም። ኣብ ክንድኡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልተ ክሳብ ሸውዓተ ዓመት ክቕልቀሉ ይረኣዩ። ኤልኒኖን ላኒናን ክልተ ጫፋት ናይ'ቲ ኣብ ደቡባዊ ውዝዋዝ ኤል ኒኖ (ENSO) ዝብሎ ዘይስሩዕ ዑደት'ዮም። ደቡባዊ ውዝዋዝ ኤልኒኖ ኣብ ዝረኣየሉ ወቕቲ ካብ ምዕራባዊ ሰላማዊ ወቅያኖስ ዝበኸሰ ውዑይ ማይ ናብ ደቡባዊ ገማግም ባሕሪ ኣመሪካ ገጹ ይዝርጋሕ። ኣብ ካልእ ስሩዕ ወቕቲ ድማ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ዝፍሱ ንፋሳት (South easterly Trade Winds) ናብ ከባቢ ቅናት ምድሪ ንዝርከብ ጸፍሒ ማያት ወቅያኖስ ናብ ምዕራባዊ ክፋል ሰላማዊ ወቅያኖስ ገጾም ይደፍኡዎ'ሞ ኣብ ከባቢ ኢንዶኖዥያ ውዑይ ማይ ይፍጠሩ። ስለ'ዚ ሰላማዊ ወቅያኖስ ምብራቓዊ ክፋሉ ብዙሓዊ ካብ'ቲ ምዕራባዊ ክፋሉ ዝውሕድ ይኸውን። ብኡ መጠን ድማ ምዕራባዊ ገማግም ደሴታትን ሰላማዊ ወቅያኖስ እኹል ዝናብ ይረኽቡ። እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ ገማግም ደቡባዊ ኣመሪካ ብመኣዝታት ዝሑብተመ ዝሑል ማይ፡ ካብ ማዕምቖ ወቅያኖስ ናብ ጸፍሒ ወቅያኖስ ይለዓል። ውጽኢቱ ድማ ፈልፋሊ (Upwelling) ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ዑደት'ዚ ኑቶም ኣዝዮም ንኣሽቱ ኣትክልትን እንስሳታትን ብትሕዝቶ ኣዝዩ ስለ ዘሃብትሞም፡ ንኻልኦት እንስሳታት ባሕሪ ከም ቀንዲ ምንጪ መግቢ ኮይኖም የገልግሉ። ስለዚ ፈላፋሊ ማይ ዝርከቦም ቦታታት ብፍርያት ዓሳ ፍሉጣት'ዮም።




## ድቃስ ምስ ዝኣብየና

ተመራመርቲ፡ ልዋም ድቃስ ዝስእኑ ሰባት ኣብ ዓራት ምስ ደየቡ ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ ብዝሕ ብዝሕ ድቃስም ጥራይ ኩሓሰበ፡ ድቃስ ክኣብዮም ምስ ዝጀምር ጠጥዕሙ ጥራይ ክዘኽሩ፡ ከም'ኡ'ውን ብዕምቆት ከስተንፍሱ ይግበሩም። ብስእነት ልዋም ድቃስ ዝሳቐዩ ሰባት፡ ን30 ደቓይቕ ድቃስ ምስ ዘይወስዶም፡ ካብ ዓራት ተንሲኦም ኣዝዩ ኣሰልካዪ ዝበልዎ ጽሑፋት ክንብቡ፡ እብዮት ድቃስ እንድሕር ተደጋጊሙ ሕዱር ጸገም ክኸውን ስለ ዝኽእልን ጠንቂ ካልእ ሕማም ከይከውንን ብጥንቃቐ ክረኣ ኣለዎ። ሕልፍ ሕልፍ ኣሉ ግና ስክፍታ ክፈጥረልና ዝኽእል ተደጋጋሚ እብየት ድቃስ ከጓንፈና እንከሎ፡ ብዘይካ እቲ ናይ ሓኪም ሓገዝ ባዕልና ክንወስዶም ንኽእል ክዝከሩ ኣለው።

- ጸብ ድቃስ ዘቢጋክ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ ምሽት ጸብ ምስታይ ሓጋዚ ምዃኑ ይፍለጥ። ካልኦት ከምቲ ናይ ጸብ ትሕዝቶ ዘለዎም ከም ባናና፡ መዓርን እንቋቑሖን ዝኣመሰሉ እውን ምሸት ምውሳድ ንድቃስ ሓጋዚ እዮም።
- ጸጠን ወጽኢታቱን ክርከቡ እንከለዉ ምስ ቅጫ ስርናይ ወይ ስገም ምሸት ቅድሚ ድቃስ ምብላዕ ዝበለጸ እዩ። ጸብ እንተ ተሳኢኑ ግና፡ ቅጫ ስርናይ ወይ ስገም ንበይኑ እውን ሓጋዚ እዩ። እዞም ኣእካል እዚኣቶም እውን ድቃስ ዘቢጋክ 'ትራይፕቶፋን' ዝበሃል ትሕዝቶ ይርከቦም እዩ።
- ምሽት ናብ ዓራት ቅድሚ ምኻድካ እትበልዖ መግቢ ፈኲስ ክኸውን ኣለዎ። ድረር ኣዝዩ ከቢድ ወይ ብዙሕ ምስ ዝኸውን ንዝዊሕ ሰዓታት ዓቕሊ ጸቢቡ ክንበረልካ ይኽእል እዩ።
- ምሸት ብህልና ኣብ ግዛ ኣብ ዝዘውተር ስርዓት ቡን ኣይትሳተፍ። ሓንቲ ፍንጃል እንተኾነት እውን ተኻል ክተሕድረካ ትኽእል እያ። ከም ቡንን ሻሂን ዝኣመሰሉ መስተታት ኣነቓቓሒ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎም፡ ምሸት ንመዕለሊ ኢልካ እትሰትያ ሐደት እውን ድቃስ ክተህድመልካ ትኽእል እያ። እዞም መስተታት እዚኣቶም ቅድሚ ሽዱሽተ ሰዓታት ናይ ግዜ ድቃስ እንተ ወሰድካዮም ይምረጽ።
- ንኻልእ ዓይነት ሕማም ብሓኪም ዝተኣዘዘልካ መድሃኒታት ትወስድ እንተ ሃሊኻ ድቃስ ካብ ዝኸልኡ ዓይነታት ከይኮኑ ምስ ክኢላ ተላዚብ ወይ ምስቲ መድሃኒት ዝርከብ ናይ መሳሰይታ ጽሑፍ ኣንብቦ።
- ኣብ ኢጋ ምሸት ዋላ እውን ኣይብዝሕ ኣልኮላዊ መስተ ትሰቲ እንተ ኼንካ ጠንቂ ናይ ድቃስ እብየት ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣልኮል ዝሰማምዓካ ወይ ድቃስ ዝኸልኣካ እንተኾይኑ ባዕልኻ ተዓዚብ እሞ ስጉምቲ ትወስድ። ኣልኮላዊ መስተ ዓቕልኻ ዘጽብበልካ፡



ሃተፍተፍ ዘበሎካ ወይ ዘበራብረካን ረሃጽ ዘበዝሓልካን እንተኾይኑ ምሸት ኣይትወሰዶ። ብውሑድ ኣርባዕተ ሰዓታት ቅድሚ ናይ ድቃስ ግዜ ክትሰቲ ኣሎካ።

- ክትሽይን ምእንቲ ከይትትንስእ ምሸት ፈሳሲ ኣይተብዝሕ። እቲ ምንታይሲ ድቃስካ ክሽግሩ እንከሎ መሊስካ ምድቃስ ከጸግመካ ስለ ዝኽእል።
- ሽጋራ ተትካኽ እንተ ኼንካ፡ ምሸት ቅድሚ ድቃስ ኣይትሰሓብ ወይ ምስ ተበራበርካ እውን ኣይተትክኽ። ሽጋራ ዘቓቅሕ ትሕዝቶ ስለ ዘለዎ ድቃስ ክኣብየካ ይኽእል እዩ።

ተመራመርቲ ከም ዝሕብሩዎ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ኣጥቢብ ምስራሕ እንተ ኣብዩ ብሕማማት ልቢ፡ ጸቕጢ ሓንጎልን ካልእን ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎ ስለ ዝዓቢ ናብ ሓኪም ምኻድ ከም ዘድሊ እዩም ብጥብቂ ዘተኻኽሩ።

## ሕልምኻ ምፍታሽ. . .

ደቂሰብ ንሕልምም ክፍትሹ ብኣኡ ኣቢሎም ከኣ ሕሉፎም ክገምግሙ መጻኢኦም ክትልሙ ኣጉዳሲ እዩ። "ሕልመይ እንታይ'ዩ?" ኢልና ንሕብሰና ኣብ እንሓተላ እዋን ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃታት ዕድመ ዝሓለፍናዮም ሕልምታት በበእዋኑ ይፈላለዩ ምኻኖም እዩ። ሕልምታትና ከለልየም ኣብ እንፍትሓሉ ሓደ ክፋል ናይቲ ሕልሚ ንዘክር ወይ ፍጹም ንርስዖም፡ እዚ ጥራይ ዘይኮነ እቲ እንሓልሞ ሕልሚ ኣብ ዘይንፈልጦ ቦታን ዘይንፈልጦም ሰባትን ዘጠቓለለ ይኸውን'ሞ ይገርመና። ግን ንበር ማስርሕ ብምኻኑ ዕሽሽ ኢልና ንሓልፎ።

ሕልምታትና ኣብ ኣእምሮና ዝወለዱ ሓሳባት እዮም። ብርግጽ ዋላ'ውን ንቑሩብ ግዜ ዝሓሰብናዮ ሓሳብ ብሕልሚ ንርእዮ ውሑድ ኣይኮነን። ሕልምታትና ክነዘክር ኣብ ንፍትሓሉ ከብሕታት ኣእምሮና ካብ ዝከዶ ብደረጃ ዕድመ፡ ፍልጠት፡ ግዜ ወዘተ ዝተፈላለዩ እዮም። መድረኻት ዕድመ ንእሰነት፡ ቁልዕነት፡ መንእሰይ (ኩትትና፡ እርጋን እናበለ ከም ዝፈላሉ፡ መድረኻት ሕልምታትና'ውን ደረጃታቱ ዝተፈላለየ እዩ።

እዋን ቁልዕነት እትሓልሞ ሕልሚ፡ ብመጠን ዕብየት ኣእምሮና እዩ ዝማዘን። ብዘይካ እቲ ኣብ ከብቢኻ ትርእዮን ክትትግብሮ ትውዕልን ብዙሕ ካብኡ ወጻእኻ ክትህውትት ሳሕቲ እንተ ዘይኪይኑ ኣየጋጥምን'ዩ።

ዕድመ እናወሰኽና፡ ንቕሓት ኣእምሮና ከኣ ብኣኡ መጠን እናተጸልወ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ሕልምታትና ብብዙሕ እናወሰኹን ብዓይነቶም እናተለወጡን እዮም ዝመጽኡ። ዕድመ ጉብዝና ክንረግጽ ከሎና ንሕልምታትና ዝብሕቶ ዓይነት እንተ ሃልዩ ፍቕሪ እዩ። ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ብዙሓ ፍቕሪ ፍጹም ኣይሓለምኩን ዝብል ሰብ - ኩሓበእ እንተ ዘይደልዩ ረሲዕዎ እዩ ኢልካ እውን ዝሕለፍ ኣይመስለንን። እቲ ምንታይ፡ ንሕልምታትካ ዓብለሉ ሰፊሕ ቦታ ዝሕዝ ፍቕርን ምፍቃርን እዩ። እትሓልሞ ምስ ጋህዲ ከተሳኒ ከኣ ሓኾት ትብል። ንመጻኢ ኣብ ሉሚ ኩይንካ ትሓልሞ፡ ንጸባሕ ተቋምታ። ብሊይቲ ትሓልሞ መሬት ምስ ወግሐ ክትትግብሮ ትብገስ። እንተኾነ ነገር ሕልሚ ገለኣብ ጌና ከይተበገሰካ ይፈሸል።

ኣብ'ዚ ዕድመ ሕልምና ንምትግባር እንወስዶ ስጉምቲ፡ ጻዕርን ፍልጠትን ተበላሕነትን ተሰፋ ዘይምቑራጽን እንተ ተሓዊስዎ፡ ከመይ ደኣ ሕልምና ዘይሰምር፡ "ንእስነት ከይከይት እርጋን ከየርከበት" ከም ዝተባህለ፡ ሕጂ ኣብዚ ዘለናዮ ዕድመ ሕልምታትና ንምጭባጥን ናብ ጋህዲ ንምልዋጥን ደኣ ንገዩ። ኣብ መርገብ እርጋን እግርና እንተ ኣምበርና፡ ሞት ዝቐረበትና ስለ ዝመሰለና፡ ኩሉ ሕልምና ንሞት ዘማእከለ እናኾነ እዩ ዝመጽእ። ሂ ሕልምታትና ክንፍትሽ ንበገስ። ናብ ቀደም ምልስ ኢልና ንዘክር። ዝበጻሕናዮን ክትብጽሖ ዝተበገስካሉን ሕልምታትካ ሃሰው በሎ እሞ ገምግሞ። ሕልምታትካ ኣለልዮም እሞ ከተተግብሮም ሉሚ ተበገስ። እንሆ ጎልጎል እንሆ ፈረስ!!



### ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

- "ፌስቲቫል ንሓበትን ዕምቆትን ሓደ ባህሊ ብትኽክል'ዩ ዝገልጾ።" - **ሲድሃርት ካትራጋዳ**
- "ጥዑይ ኩንኹ ኑብሰኻ ድማ ተኸናኸኖ። በቲ ንኑብስኻ ዝገበርካሉ ጽቡቕ ነገራት ከኣ ሕገስ ኩን።" - **በዮንስ**
- "ሕጽረት ግዜ ዘይኮኑ ኣንፈት ዘይምህላው እዩ እቲ ጸገም። ንኹላትና ኣብ መዓልቲ ዕስራን ኣርባዕተን ሰዓታት ኣለና።" - **ዚግ ዚግላር**
- "ዕብየት ምድላይ ማለት ስጉምና ኣብ ህይወትካ ቦታ የብሉን ማለት እዩ።" - **ፓት ኮንሮይ**
- "ዕርክነት ንሓጎሳትና ብዕጽፊ ብምውሳኽ የዕብዮ፡ ንወጥሪና ከኣ የጉድሎ።" - **ማርከስ ቱልየስ ሲሴሮ**
- "መዐቀኒ ብልሒ ዓቕሚ ናይ ምቕያር ክእለት እዩ።" - **ኣልበርት ኣንስታይን**
- "ንጸላእተይ ኣዕሩኽተይ ክገብሮም ከለኹ'የ ዘጥፍኦም።" - **ኣብርሃም ሊንከን**
- "ተስፋ ማለት ኩሉ እቲ ጸልማት እናሃለወ እንከሎ ብርሃን ከም ዘሎ ክትርኢ ምኽኣል እዩ።" - **ደዝሞንድ ቱቱ**

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

ሲራክ ክፍለ

መበል 46 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ "ኣቋውማ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ዓቢ ኣርእስቲ ንኣቋውማ ሃገራት ሱዳን፣ ኬንያ፣ ኡጋንዳ፣ ሶማል ድሕሪ ምምልካት ናብ "ኣቋውማ ሃገረ ኢትዮጵያ" ሰጊርና ካብ ዘመነ ሃጼ ምኒሊክ ክሳብ ስርዓት ሃይለስላሰን ምምጻእ ስርዓት ደርግን ዝሓለፈ እዋን ተመልኪትና። ሕልሚ ምስፍሕፋሕ ግዝኣት ኢትዮጵያ፣ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምርካብ ጥሙሕ፣ ከምኡ'ውን ኩናት ኤርትራ ብደገፍ ምዕራባውያን መሻርኽቲ ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ-*

***

### ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ

ሃጼ ሃይለስላሰ ኤርትራ ኅቢጡ ኣፍ-ደገ ባሕሪ ብምሻፋቱ፣ ካብ ብዙሓት መሳፍንትን ምሁራትን ዓቢ ኣድናቖት ረኺቡ። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ናይ 1935 ህድማ (ጣልያን ንኢትዮጵያ ኣብ ዝተቖጻጸረሉ ሃጼ ሃይለስላሰ ኣብ ሃገር እንግሊዝ ተዓቚቡ ድሕሪ ምጽናሕ ብደገፍ እንግሊዝ እዩ ናብ ስልጣኑ ተመሊሱ) ተረሲዑ ከም ዝዓበየ ንጉስ ኢትዮጵያ ተኸቢሩ። መሳፍንትን መኳንንትን ከኣ ሰጋ ጃንሆይ እናበሉ ክምሕሉ ጀመሩ። ብዙሕ ሰብ እውን ሰዓቦም። ኣብ ሓጺር ግዜ ብፈጣሪ ከም ዝተመርጸ መራሒ - 'ስዩመ እግዚኣብሔር' ተባሂሉ። እዚ ኹሉ ክብሪ ዝረኸበ ሃጼ ሃይለስላሰ፣ እቲ ብደገፍ ኣመሪካ ዋጋ ከይከፈለ ብናጻ ዝረኸቦ ፌደረሽን ምስ ኤርትራ ኣየዕገቦን። 'ብኣምላኽ ዝተመርጸ' ከመይ ኢሉ፣ ምዕሩይ ፌደረሽን ከዕግቦ፣ ኤርትራ ከምተን ካልኦት ሃጼ ምኒሊክ ዝገደፈለን ግዝኣታት፣ ግዝኣቱ ክትከውን ተተምነየ። ነቲ 'ብሕጊ' ዝኣተዎ ፌደረሽን ብሸፈጥን ምቕታልን ምእሳርን ታህዲድን ደምሲሱ ብ1962 ንኤርትራ ናብ ሓንቲ ጠቕላይ ግዝኣት ኢትዮጵያ ቀይሩዋ።

ሃጼ ሃይለስላሰ እቲ ኣብ 50ታት ዝጀመሮ ምድምሳስ መንግስታዊ ትካላት ኤርትራ፣ ምትካእ ኤርትራውያን ሓለፍቲ ብኢትዮጵያውያን ኣብ መጀመርታ 60ታት ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ኣብጺሕዎ። ያኢ ናይ "ኣደ ሃገር" ጸውጸዋይ ኣዘንቲኑ፣ ሓደት ምሩጻት መሳፍንትን መኳንንትን ከም መራሕቲ ኣምጺኡ፣ ገርሂ ልቡ ሰራዊት ኣሰሊፉ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ትጥብርን ተፈራርሕን ዝመሰሎ ሃጼ ሃይለስላሰ፣ እቲ ኣብ ድሮ ፌደረሽን ምፍራሱ ብ1961 ዝጀመረ ሰውራ ኤርትራ ኣብ 60ታትን መጀመርያ 70ታትን ንሃጼ ሃይለስላሰን ንኢትዮጵያን ኣድምዩ፣ ቁጠባ ኢትዮጵያ ረሚዕ ኣቢሉ፣ ነታ ሃገር ግደ ጥምየትን ጥፍኣትን እዩ ገይሩዋ። ሓደ ካብቶም ቀንዲ ሃንደስቲ ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ፣ ሃጼ ሃይለስላሰ ከኣ፣ ብ1974 ብወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ተኣልዩ። ብኽፉእ ተቐቲሉ፣ ሬሳኡ ከይተረፈ ክብረት ከይረኸበ ኣብ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ ሃይለማርያም ተቐቢሩ። ታሪኽ ሃጼ ሃይለስላሰ፣ እቲ ቀንዲ ሃንዳሲ ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ከኣ በዚ ተዛዚሙ።

ሕልሚ ሃጼ ሃይለስላሰ፣ ብስሚዒን ግዝኣት ጣልያን ዝነበረት ኤርትራን ባሕራን፣ ብደቡባዊ ምብራቕ ሶማልያ ኅቢጥካ፣ ልዕሊ ናይ ሃጼ ምኒሊክ ግዝኣት ምስፍሕፋሕ ነበረ። ክትግበር ዘኽእል ሕልሚ ኣይነበረን። ሀሩፍ ግን ዘይሓልሞ የለን፣ ኣህጉራዊ ሕጊ ኣብ ዘይሃገሰ ዓለም፣ ሓደት ሓያላት መንግስታት ጠበርካ ክትትግብሮ ዝከኣል እንተኾይኑ ኣየናይ መስፍን ከምኡ ዘይሓልም። ሃጼ ሃይለስላሰ ብቐንዱ ብተሓባበርቲ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ፣ ኤርትራ ናይ ምግባጥ ሕልሙ ተግቢሩ። ንህዝቢ ኤርትራ ከንበርክኽ፣ ንሰውርኡ ክሰዕር ግን ኣይከኣለን ጥራይ ዘይኮነ ሕቶ ልኡላውነት ኤርትራን ሓያል ሰውራ ህዝቢ ኤርትራን ቀንዲ ምኽንያት ውድቀት ሃጼ ሃይለስላሰ ኮይኑ።

ውድቀት ሃጼ ሃይለስላሰ ብቐንዱ ብሰንኪ ሕቶ ኤርትራ ምዃኑ ዓለም ብዓለማ ዝርኣየቶ ሓቂ እዩ። ደርጊ ካብ ውድቀት ሃጼ ሃይለስላሰ ክመሃር ዓቢ ዕድል ነይሩዎ። ኣይተመሃረን ግን። ደርጊ፣ ዝምድና ኢትዮጵያ ምስ ምዕራብ በቲኹ ናብ ምብራቕ ወጊኑ፣ ኣብ ልዕሊ ንብረት ወይ ዕጥቂ ምዕራብ ናይ ምብራቕ ወሲኹ፣ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን ክንበርክኽ ዘኽእል መሰሉዎ ነይሩ። ደርጊ ኣብ ውግእ ሶማል ልዕሊ 20,000 ወተሃደራት ኩባን የመንን፣ ኣሽሓት ኣማኸርቲ ምብራቕ፣ ክሳብ ዓንቀሩ ዝበጽሕ ዘመናዊ ብረት ምዕራብን ምብራቕን (ብቐንዱ ሕብረት ሶቭየት) ኣሰሊፉ ጉዳይ ሶማል መዕለቢ ገይሩሉ ኢሉ ብምእማኑ ሰኽራትን ሕልሙን ሰማይ ዓሪጉ። ሕቶ ሶማልን ሕቶ ኤርትራን ግን ሓደ ኣይነበረን ጥራይ ዘይኮነ ልዑል ደገፍ ወጻኢተኛታት ዘረጋገጸ ዓወት ከም ናይ ኮሎኔል መንግስቱ ገይርካ ምርኣዩ'ውን ካልኣይ ዓቢ ጌጋ ነበረ። ውግእ ሶማል ከም ዓወት ኮሎኔል መንግስቱ ተረኣየ። እቲ ኣብ ውግእ ተፈቲኑ ዘይፈልጥ መንግስቱ ከም ዓቢ መራሒ ውግእ ዝገልጹ ጸውጻዋያት ንኢትዮጵያ ሸፈኖማ።

ኣብ 1978/79 መንግስቱ፣ ኣሎ ዝበሃል ናይ ባሕሪ፣ ኣየር፣ መሬት ብረት ሸሚቱ፣ ኣሽሓት ዕሱባት ኣማኸርቲ ሰሪዑ፣ ኣማኢት ኣሽሓት ሰራዊት ኣሰሊፉ፣ ሕቶ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን መዕለቢ ክገብረሉ ዘሚቱ። ዕዳጋ ኣዴኻ ከም ዘለኣኽትካ ኣይኮነን ከም ዝበሃል፣ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነቲ ተሃንዲዱ ዝመጸእ ዝነበረ ሰራዊት በብቐሩብ እንዳ ቐሸመደ ናብ ሳሕል ኣዝለቐ። ኣብ ሳሕል ደርጊ ዝተፈላለየ ስም ዝጠመቖ 6 ዓበይቲ ወራራት ኣካዪዱ። ብፍላይ ከኣ ነታ ኣርማ ጽንዓት ኤርትራውያን ዝኾነት ናቕፋ ንምሓዝ ኣማኢት ኣሽሓት ከፊሉ። ኣይሰለጦን። 3-4 ሚኢቲ ሽሕ ምውታት፣ ካብኦም ዝበዝሑ ውግኣት፣ ልዕሊ 150,000 ምሩኻትን ዓሰርተታት ቢልዮናት ዶላራትን ንኢትዮጵያን ህዝባን ኣኽሲሩ።

እቲ ሓንቲ መዓልቲ ኣብ ውግእ ባዕሉ ከይተሳተፈ፣ 'ናይ ጀጋኑ ጅግና እዩ፣ ንኹሎም ጸላእተይ ክድምስስ እዩ፣ እንተ ዘይሰለጠ ከኣ ከም ሃጼ ቴዎድሮስ ጥይተይ ክስቲ እየ' ዝብል ዝነበረ ናይ ወረቐት ኣንበሳ ነበረ! ኣፈ-ጨል! መሬት ምስ ጸልመቱ፣ ሚልዮናት ዶላራት ኢትዮጵያ ሰሪቑ ተሰዲዱ። እቶም ውሑዳትን ዘይጠቕሙን ዝበሎም ዝነበረ ተጋደልቲ ኤርትራ (ህሰሓኤ)፣ ንኤርትራ ሓራ ኣውጺኦም፣ ምስ ኢህወደግ ኣራት ኪሎ በጺሖም። ደርጊ ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ብቐትሪ ኣይተግበሮን። ኮሎኔል መንግስቱ ኣብ መጨረሻ ዝገበሮ ሃገር እንተ ነይሩ፣ ስዕረቱ ተረዲኡዎ ዝሰረቐ ሰሪቑ ምህዳም ጥራይ እዩ። ከም ዝተሰዓርካ ተቐቢልካ፣ ዝሰረቕ ሰሪቕካ ምህዳም'ውን ልቦና ዝኸሰሉ እዋናት ኣሎ - ጸጊሕና ከም እንርእዮ።

እቲ ቀንዲ ሃንዳሲ ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ሃጼ ሃይለስላሰ ኣብ 1974 ዝወደቐ፣ ብቐንዱ ብሰንኪ ሕቶ ኤርትራ እዩ። ኣሎ ዝበሃል ሓይሊ ሰብን ዕሱባትን መሳርሕን ኣሰሊፉ ኣብ መሬት ኣፍሪቃ ተረኺዩ ዘይፈልጥ ወራራት ዘካየደ ደርግ ኣብ 1991 ኣብ መሬት ኤርትራ ተሳዒሩ። ብደገፍ ህዝባዊ ሰራዊት ድማ፣ ኣብ ኣራት ኪሎ ልኡላውነት ኤርትራ 'ዝቕበል' ስርዓት መጺኡ።

ኣብ 1991 ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ሓንሳብን ንሓዋሩን ዝተቐበረ መሲሉ ተራእዩ ነይሩ። ኢህወደግ ብቐንዱ ህወሓት ኣብ ኣራት ኪሎ ኮፍ ኣቢልካ ዝመጸእ ሃገር የለን ዝብል ሓሳብ እምነት ብዙሓት ክኸውን ኣየገርምን። 'ኣሕዋት ኢና፣ ቁስልኹም ኣይትሕከኹ' ዝበልና፣ ኣብ ሳሕል ኣሰልጢ.ንና ዘዕጠቕናዮም፣ ዝተኸናኸናዮም ኣብ መጨረሻ ከኣ ኣብ ጎኖም እናወደቕና ኣራት ኪሎ ዘብጻሕናዮም ህወሓት (ወያነ) ክሳብ ዘለዉ ዘሰክፍ ሃገር የለን ኢልካ ምእማን ንቡር እዩ። ህወሓት፣ "ወያነ" ተባሂሎም ክጽውዑ እዮም ዝመርጹ። ምናልባት ነታ ሓርነት ትግራይ ትብል ቃል ስለ ተህሰሱ፣ በዚ ኮይኑ በቲ፣ በቲ ድልየቶም ክንጽውዖም።

ወያነ ብረታዊ ቃልሲ ክጅምሩ ኣትሒዞም፣ ኣብ ሳሕል እንክለው ከይተረፈ ዝይሓብእዎ ሕልሚ ነይሩዎም። 'ሕልሚ ዓባይ ትግራይ።' ኣብ መወዳእታ 80ታት ሰራዊቶም ምስ ዓበየ፣ ወተሃደራዊ ዓቕሞም ምስ ማዕበለ፣ ውድቀት ደርጊ ናይ ሎሚ ጽባሕ ጉዳይ ምስኮነ፣ እቲ ሕዱር ሕልሞም ድርብ ግን ከኣ ተገራጫዊ መልክዕ ዘለዎ፣ "እንተ ተኻኢሉ ዓባይ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ወያነ፣ እንተ ዘይተኻኢሉ ከኣ፣ ዓባይ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ወያነ" ዝብል ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ክሰስን ጀሚሩ። ሕልሚ ዓባይ ትግራይ ኣብ ዝመጽእ ሕታም ኣስፊሕና ክንርእዮ ኢና።

ብወገን ብዙሓት ኤርትራውያን፣ ወያነ ብፍላይ ከኣ መራሕቲ ወያነ እንታይ ዕላማኦም እንታይ እዩ ባህሪኦም ወትሩ ኣዛራቢ ሕቶ እዩ ነይሩ። መራሕቲ ወያነ፣ ኣብ ሱቡዓታት ምስ ህዝብን ሰውራን ኤርትራ ሕውትትን ፍቕርን ዘለዎም መሲሎም ቀሪቦም። ሰውራ ኤርትራ ተዳኺሙ ኢሎም ምስኣመኑ ከኣ፣ ማለት ኣብ ጽባሕ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፣ (ዝጠዘሐ ቀዳማይ ክፋል ሰማንያታት)፣ "ይንዕቁና" እዮም፣ "መድሓርሓርቲ" እዮም ክብሉና ጀሚሮም። ህግሓኤ ንደርጊ ኣላሽ ኣቢሉ፣ ሚዛን ሓይሊ ናብ ረብሓና ምስ ቀየሮ ከኣ፣ ብፍላይ ድሕሪ ምፍራስ ናደው እዚ፣ ግልብጥ ኢሎም ጀጋኑ ኣሕዋትና ኢሎም ንኢዶምና። ኣብ መጀመርያ ዓመታት ናጽነት ከኣ "ቑስልታትና ኣይንሕከኽ" ብምባል ሓድሽ መዋእል ፍቕርን ምትሕግጋዝን ሰቢኾም። ነዊሕ ከይጸንሑ "ይንዕቁና" እዮም ዝብል ትሓም ትሓም ብምጅማር፣ ኣብ 96 ብዘይሕብእብእ ኣንጻር ኤርትራውያን ተኹታኺ ዘመተ ጀሚሮም። ከይሓፈሩ፣ 'ኣብ ትግራይ በራ ሚሎቲ ምምዛእ ወዲ ሻዕብያ ምዕባይ ማለት እዩ።' ብዝተሰምዐ ዘረባ፣ ቁጠባ ኤርትራ ንምድሃኽ ብዓውታ ክዘርቡ ጀሚሮም። ምስ ትግራይ ኣብ ዝዳወቡ ቦታታት ኤርትራ፣ ብምእታው ሰባት ክስላብዑን መሬት ክጥርሩን ኣይተሰከፉን። ኣብ 1998 ከኣ ኣብ ከባቢ ባድመ ክዘራረብዎም ንዘኸዱ ገለ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራ ቀቲሎም። መጠናዊ ግብረ-መልሲ ምስ ተገብረ ድማ፣ ኣብ ክንዲ ተራኺቦም "ቑስልታትና ኣይንሕከኽ" "ኣሕዋት" ኢና ምባል ብዕሊ ውግእ ኣዊጆም። ነቲ ውግእ ካብቲ ኣዛራቢ ዝበሃል ቦታ ወጻኢ ኣስፊሖሞ። "ሓንሳብ ንሓዋሩን እንግደዓና ንምስባር" ሰለስተ መረርቲ ወራራት ኣካዪዶም። ልኡላውነትና ንምዕቃብ ከኣ ልዕሊ 20,000 ምሩጻት ኣሕዋትናን ኣሓትናን ከፊልና። ሕልሞም ብውግእ ክተግብሩ ከምዘይኽእሉ ንጹር ምስ ኮነ እውን፣ ብሓገዝ ምዕራባውያን ኤርትራ ንምድኻይን ንምብትታን ንዓሰርተታት ዓመታት ጸዒሮም። ከም ሃጼ ሃይለስላሰን ደርግን ውግእ ምስ ኤርትራ ንወያነ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣዳኺምዎም፣ ንሓድ-ሕዶም ተባሊዖም፣ ካብ ኣራት ኪሎ ድማ ብናዕቢ ህዝቢ ብዓርባ እምኒ ተሰጒጎም።

ድሕሪ ስዕረት፣ ሃጼ ሃይለስላሰ ክቕተል እንከሎ፣ መንግስቱ ሃይለማርያም ገዛእ ሃገር ሰሪቑ ተሰዲዱ። መራሕቲ ወያነ ግን ናብቲ ንልዕሊ 25 ዓመት ረሲዖሞ ዝነበሩ ህዝቢ ትግራይ ብምምላስ ተዓቚቦም። ወዮ "እንግድዐኦም ክንሰብሮም ኢና" ዝብል ዘረባ፣ ምእሳርን ምክልባትን ኤርትራውያን ኣወዚፎም፣ ካብ ሆቴላት መቐለ "ኣሕዋት" ኢና፣ "ነፍቅረኩም" ኢና ክብሉ ጀሚሮም። ታሪኽ መራሕቲ ወያነ ዘይፈልጥ እዚ "ኣሕዋት ኢና፣ ነፍቅረኩም ኢና።" ዝበሃል ባዶ ዘረባ ከደናግሮ ይኽእል ይኸውን። ንዘፈልጦም ግን "ሓንሳብ የዕሸወኒ ተጋጊኻ፣ ክልተ ሳዕ ምዕሻወይ ግን ዕሽነተይን የዋህነተይን እዩ" ነገሩ። መራሕቲ ወያነ፣ ናይ ቀደም ገዲፍካ ድሕሪ ሓርነት ኤርትራ ሓንሳብ ዘይኮነ ንህዝቢ ኤርትራ ክልተ ግዜ ጠሊመሞ እዮም። እዚ እቲ ሓቂ ኮይኑ፣ ንመራሕቲ ወያነ ከም ዓርኪ ምርኣይ ካብ ሕሉፍ ዘይምምሃር ጥራይ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ብወያነን ብዙሓት ተጋሩን ክትደግሞ ዘሕፍር ገበናት ተፈጺሙ እዩ። ክርሳዕ'ውን ኣይግባእን። እዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ግን ዝጠዘሐ ህዝቢ ትግራይ ጎረቤትናን ምስ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ክኡበርን ዝደሊ ህዝቢ እዩ። ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጽልኢ የብሎምን። ናይቲ ሓደ ጸገም ነቲ ሓደ ይጸሉ፣ ናይቲ ሓደ ምዕባለ ከኣ ነቲ ሓደ ምዕባለ እዩ። ኢትዮጵያ ግን ወትሩ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚ ዘለዎም መራሕቲ ስለ እተፍሪ፣ ናይ ቀረባ ሓደጋ ዝኾኑ ሰባት ወይ መራሕቲ ወትሩ ብጥንቃቐ ምክትታሎምን ምግታኦምን ንህዝቢ ኤርትራ ኣማራጺ የብሉን።

ኣብ ድሮ'ቲ ወያነ ዝወለዶ ኩናት፣ ኣለምሰገድ ተስፋይ ኣብ ጽሑፉ፣ "ናይ መራሕቲ ወያነ ናይ ውግእ ዕንደራ፣ ንሓድነት ኢትዮጵያ ሓደገኛ ከም ዝኸውን" ኣተንቢሁ ነይሩ። ትንቢት ኣለምሰገድ ከኣ ድሕሪ 2 ዓመት ውግእን 20 ዓመት ርብርብን ህያው ኮይኑ።

ናይ ሃጼ ሃይለስላሰ፣ ደርግን ወያነን ሕልሚ ምስዚ መዋእል'ዚ ዘይከይድ፣ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝጽግን ድልየት ምስፍሕፋሕ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ክቡር ዋጋ ከም ዝኸፍል ገይሩ፣ ኤርትራዊ ሃገራዊነቱ ግን ኣይለዓለ። ብኣንጻሩ ነቶም ናይ ሌይቲ ሕልሚ ብቐትሪ ክትግብሩ ዝሃቀኑ ውድቀቶም ኣስዒቡ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኢትዮጵያዊ መንነት ንኸይምዕበል'ውን ኣጋዲ ኮይኑ ጸኒሑ። ኢትዮጵያ ከም ኢትዮጵያ ኮይና ክትቅጽል ኣህጉራዊ ሕጊ ዘኽብሩ መራሕቲ ከድልይዋ እዮም። ኑቶም ገና ሓደገኛ ሕልሚ ዓባይ ኢትዮጵያ ዝሓልሙ ግን ነገሩ "የቆጡን ላውርድ ብላ የብብትዋን ጣለች" (ልዕሊ ዓቕማ ክትመጣጠር፣ ኣብ ትሽትሻ ዝሎ ስኢና) ከይኮኑ፣ ብናትኩም ዕዝኑ ጥራይ ክንብሎም ንደሊ።

**ይቕጽል**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| | |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:35 | ሃሎ ቀልዑ |
| 10:30 | ፓኖራማ |
| 10:10 | መደብ ካብ ኤክስፖ |
| 11:00 | ለስ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | መደብ ካብ ኤክስፖ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ ካብ ኤክስፖ |
| 17:30 | ሳይዳ |
| 18:30 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሄራር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | TECH IN-SIGHT |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ኢድኣት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሰናይት ክፍለ መሓሪ ምባል ተሪፉ፣ ሩታ ክፍለ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ 03 ከረን

ኣቶ ብርሃ ክፍሉም ልባሪ ኣቦና ክፍሉም ልባብ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 1 መዋቲ ሓወይ ተተኪኣተ 4 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሽዕብ ሰውራ ዓዲ ዑመር ተሰነይ

ፍርሓት ዑቕባምካኤል ወልዱ፡ ወለድና ዑቕባምካኤል ወልደ ዓዋተን ተመርጸ ሓሰቡ ጅምፅን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣፍዓበት

መሓመድ መሓመድ ሸሪፍ ዕወደድ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ ሸሪፍ ዕወደድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሃብቶም ዘና ኣብርሃም ምባል ተሪፉ፡ ሃብቶም ዘናጉብረኤል ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ጎልጅ

ርእሶም ፈረሂወት ተወልደ ምባል ተሪፉ፡ ርእሶም ተኽለሰንበት ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ ወ/ሮ ፍረወይኒ ሃብተስላሴ ዓንደማርያም ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ድሕል ፕሎት 120 ፓርሰል ASP0000177-1 ዝርከብ፡ ቁ.መለለዪ ገዛ ASP0000177 ስፍሓት መሬት 108.05 sq meters ቁ.መዝገብ ንብረት ካዳስተር 15867 ናይ ኮ/ኣብዩቲ ምስክር ወረቐት መወከሲ. AST00001108-120 ተመዝገቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብውርሲ ካብ ወላዲተይ ዛፉ ኪዳነ ተወልደ ዝተረከብኩዎ፡ ናብ ስመይ ከተሓላልፎ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረወይኒ ሃብተስላሴ ዓንደማርያም

---

ኣነ ወ/ሮ ኣለምጸሃይ ኣብርሃ ወልደሰንበት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከባቢ ኣባሻውል ዚፕ ኮድ 1A119 ቑጽሪ ፓርሰል ASP0031100 ቑጽሪ ገዛ 92 ዝርከብ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቑጽሪ ገዛ ASD00027415 ዝተመዝገበ ገዛይ ንወ/ሮ ሓጎሳ ኢሳቕ ኪዳነ ስለዝሸጥኩላ'ሞ ናብ ስማ ከመሓላልፈላ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍርዲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣለምጸሃይ ኣብርሃ ወልደሰንበት
ወኪል ኣቶ መርሃዊ ገብረእግዚኣብሄር ዓንደ

---

## "ሓደስቲ መጻሕፍቲ!"




ስፓይደር ማን(Spider man)፡ ሶር(Tahor)፡ ሱፐር ማን(Super man)፡ ከምኡ ከኣ ዝተፈላለዩ ንትምህርቲ፡ ስነ-ምግባር፡ ምኽባር፡ ተሰፋ፡ ፍቕሪ.. ዘተባብዑ ዛንታታት ኣብ መጽሓፍ፡ "ሳሬታዊ ሰብኣይ"
ቦስ በይቢ(Boss baby)፡ ዝተፈላለዩ ኣነቓቓሕቲ ዛንታታት፡ ዋዛታት፡ ላዛ ህጻናት ኣብ መጽሓፍ፡ "ደርጓዕ"
ንታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ትገልጽ ብመልክዕ ካርቱን ዝተዳለወት መጽሓፍ፡ "ፋርስ"
ንሓቐኛ ታሪኽ ህይወት፡ ካብ ሕማቕ ተማሃራይ ናብ ዓለም ዘዛረበ ናይ ርእሲ መጥባሕቲ ክኢላ ዝተቐየረ ዶክ. ቤን ካርሰን ትገልጽ መጽሓፍ፡ "ምሩቓት ኣእዳው"
ዝብላ መጻሕፍቲ ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሐናልኩም ኣለዋ፡፡



ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ተ 07336029 ተወከሱ!!

---

## ምስጋና



ብማስዋእቲ ኣገዛ ዘፍቅራ ክብርቲ በዓልቲ ቤተይ ጉዲም ተጋዳሊት ዛይድ ሚካኤል ያቆብ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሓሚማ ዝተመላለስኩም፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃብርኩምና፡ ኣብ ገዛና ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጢ ሃገርን ካብ ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘና ከምዝዋዕና ንገልጽ፡፡

በዓል ቤታ ተ/ጋ በላይ ጉብረኢየሱስ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

---

## ምስጋና



ብሞት ክቡር በዓል ቤተይ ተኽለ ጊላማርያም ኪዳነ (ተኽለ ጀብጀብ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ሬሳ ካብ ጀርመን ማሕበረ ኮም ዱሰልዶርፍን ከባቢኡን ንምስዳድ ዝተሓባበርኩምና ቆንስላዊ ቤ/ጽ ጀርመን ሃገረ ኤርትራን መሓዙት ቤተሰብ ዘቃብርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋና ነቕርብ፡፡

በዓልቲ ቤቱ ቅዱሳን ተስፋይ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

---

## ምስጋና



ብሞት ክብርቲ ሓብትና ወ/ሮ ኣብርሀት ቀሺ. ኤፍሬም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ቤት መኻእ መካ መቓብር ዘቃብርኩምና ክቡራት ሊቃውንት ካህናት ዲያቆናት ኣሕዋት ፈተውትን ብምምልላስ ዘጸናናዕኩምና ካብ ወጻኢ ሃገር ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ፡፡

ኣሕዋታ ቀሺ. ፋኑኤል ቀሺ. ኤፍሬም፡ ቀሺ.
ዞሚካኤል ቀሺ. ኤፍሬም፡ ሳራ ቀሺ. ኤፍሬም፡
ሃይማኖት ቀሺ. ኤፍሬም
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

---


## ኣርማና

ሓዳስ ናይ ቋንቋ ትግርኛ መጽሓፍ

ሓጋዚት መጽሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ንተማሃሮ 6-7

እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ንመጻሕፍቲ ቋንቋ ትግርኛ 6ይ - 7ይ መሰረት ዝገበረት ኮይና፥ ንሰዋሰው ስርዓተ ነጥብን ማእከል ገይራ ዝተዳለወት መጽሓፍ እያ፡፡
ንመማህራን፡ ንተማሃሮ፡ ወለዲ ከም ተወሳኺ መወከሲት ክትከውን ተባሂላ ተዳልያ ስለዘላ ዓዲግና ንጠቀመላ፡፡

ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ

ኣብ ኩለን ናይ ጽሕፈት መሳርሒ መሸጢ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ፡፡
ጸሓፊ፦ መም. ኣስመሮም ገብረማርያም
ሚ/ት/ ኣስመራ
ቴሌ፡ 07148665 ፡ 07570771 ፡ 07755029
ኣድራሻ፡ ቴሌፎን 07148665, 07570771,07755029





---

## ምልክታ ጨረታ

ምም/ማእከል ህዝባዊ ኣገልግሎት ተኻቢ፡ ንቤት ጽሕፈት ዘገልግላ ንብረት ኮምፕዩተራት፡ ፕሪንተራት፡ ፎቶ ኮፒ ምስእ ጸገናን ሰርቪስን ዝሁብሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ክማልእዎ ዘለዎም፦

1. ናይ ጨረታ ግዜ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ተጫረትቲ ናይ ውድድር ዋጋ ብዝተዓሸገ ፖስጣ ናብ ቤ/ጽ/ምም/ማ/ህ/ኣ/ተኻቢ ራዳር የቕርቡ፡፡
2. ዘድሊ ቅጥዒ ካብ ምምሕዳር ማ/ህ/ኣ/ተኻቢ ምውፋር ራዳር ኣብ ሰዓታት ስራሕ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3. ናይ 2019 ፍቓድ ንግዲ ዝተሓደሰ ክህልውን ኣለዎ፡፡
4. ጨረታ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ይኽፈት፡፡
5. ምም/ማ/ህ/ኣ/ተኻቢ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊሉ ክሰርዞ ይኽእል፡፡

ዝርዝራተን፦

| ተ.ቁ | ዝርዝር መሳርሒታት | ብዝሒ | Service | ዝርከበሉ ቦታ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ኮምፕዩተር | 60 | ጸገና ሃርድ ዌርን ሶፍት ዌርን | ኣስመራ ደቀምሓረ ከረን ባጽዕ |
| 2 | ፕሪንተር | 35 | ጸገና ሃርድ ዌር | ኣስመራ ደቀምሓረ ከረን ባጽዕ |
| 3 | ፎቶ ኮፒ | 20 | ጸገና ሃርድ ዌር | ኣስመራ ደቀምሓረ ከረን ባጽዕ |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# STATE OF ERITREA
# MINISTRY OF AGRICULTURE
## Invitation for Bids

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) and intends to apply a part of the proceeds of the financing to this purchase. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP)
2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.
3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 5 March, 2023, the United Nations Development Business (UNDB) website on 5 March, 2023 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 15 March, 2023,
4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities (bidders) for **Procurement of refrigerators for vet. Clinics** at CIF Massawa sea port for foreign bidders or MOA Ex-warehouse for local bidders with120 days delivery period. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.
5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services. Potential bidders should first request for a registration form using email address below. Upon filling the form, Potential bidders should return the filled form through a reply email and a set of the bidding document will be provided immediately thereafter at no charge.
6. Bidding will be conducted using the **national competitive bidding (NCB)** method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD Procurement Handbook which is provided at www.ifad.org/project-procurement. The NCB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.
7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet (BDS), Section III of the bidding document.
8. Bidders interested in submitting a bid shall get the bidding document for free against application letter. Bidding documents can be obtained by sending an e-mail or letter, giving full contact details of the bidder, to the following point of contact. This will ensure that the bidders receive updates regarding this bidding document.

   To: Ministry of Agriculture,
   Procurement and Supplies
   Management Division (PSMD)
   Lidia Russom (Procurement officer)
   Sawa Street, Asmara, Eritrea
   Email: Lidyarusomlidu1221@gmail.com
   Tel Number:
   00291181076/00291189266
   P.O. Box: 1048

9. Bids must be delivered to the address and in the manner specified in the bid data sheet instructions to bidders 23.2, no later than 9: 30 am local Asmara, Eritrea time, 26 September, 2023.
10. Bidders shall be aware that late bids will not be accepted under any circumstance and will be returned unopened at the written request and cost of the bidder. All bids must be accompanied by bid-securing declaration.

Please note that electronic bids shall not be accepted.

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ስፖርታዊ ውድድር እዚ ክፍሊ ሰራዊት 84 ይቕጽል

ቅነ ስፖርት እዚ ክፍሊ ሰራዊት 84፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ብኲዕሶ እግሪን መርበብን ቀጺሉ ምንባሩ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረዲኡ።

ኣብቲ ጸወታ ኲዕሶ እግሪ ሰራትን ባርዕን እየን ተጋጢመን። ኣብዛ ሱሓቢት ዝነበረት ጸወታ፡ ኣብ መበል 16 ደቒቕ ተጻዋታይ ሰራት ፊሊሞን ግርማይ ብልጽቲ ሸቶ ብምቕጻር መራሕነት ክሕዙ ኣኽኢልዎም። ኣብቲ ዝተረፈ ዝወሰደ ግዜ ግና፡ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ሰራት 1ብ0 ተዓዊታ።

ብዘይካዚ፡ ጸወታ ኲዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ እውን ተኻዪዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ባሩና ንዕርዲ 4ብ1 ስዒራታ።



## ሊቨርፑል፡ ንኢንዶ ኣፈሪማቶ

ኣብ ማሰርሕ ምትሕግጋር ማይሰስ ካይሴዶን ሮመዮ ላቪያን ማይ ዓሚቝ ዝተረፈት ሊቨርፑል፡ ትማሊ ንሓለቓ ጋንታ ጀርመናዊት ክለብ ሽቱትጋርት - ዋታሩ ኢንዶ ኣፈሪማቶ።



እዛ ጋንታ፡ ኣብቲ ፋብኻዮን ሀንደርሰንን ዝሰለፉሉ ዝነበሩ ቦታ ዝጻወት፡ እናከፉፈለ ዝኸሽል ተጻዋታይ ንምፍራም ክትሰርሕ ምጽናሓ ይፍለጥ። ነዚ ቦታ ንምሽፋንውን ካብ ምጅማር እዚ ክረምቲ ኣትሒዛ ንኣከፋፋሊ ብራይተን ካይሴዶ ከምኡውን ንኣከፋፋሊ ሳውዝሃምፕተን ላቪያ ክተፈርሞም ብተደጋጋሚ ዝተፈላለየ መጠን ገንዘብ ሒዛ ናብ ልዕሊ እዘን ጋንታታት ተመላሊሳ እያ - ግና ሰሚዒ ኣይረኸበትን። እዞም ተጻወትቲ፡ ምርጫኦም ቸልሲ ብምንባሩ ከኣ ናብታ ኣብ ትሕቲ ፖቸቲኖ ዳግማይ ኣብ ምህናጽ እትርከብ ተጸምባርም ኣለው።

በዚ ድማ ሊቨርፑል፡ ኣብዚ ዝሓለፈ መዓልታት ራዳራ ናብ ጀርመን ብምዃር ንኢንዶ ክትሓተሉ ቀኒያ። ትማሊ ከኣ "ሊቨርፑል፡ ንኢንዶ ብኣስታት 19 ሚልዮን ዩሮ (16.2 ሚልዮን ፓውንድ) ኣፈሪማቶ" ዝብል ዜና፡ ብዝተፈላለዩ ምንጨታት ተጋዊሑ።

ኢንዶ ኣብ እዛ ጋንታ ድሕሪ ምኻኑ፡ "ናብዛ ዓባይ ጋንታ ምጽምባረይ ሕጉስ እየ። ሕልመይ ጋህዲ ኮይኑ።" ኢሉ። እዚ እናከፉፈለ ዝኸሽል ወዲ 30 ዓመት ጃፓናዊ ኑታ ፋብኻዮ ዝለበሶ ዝነበረ ቁጽሪ 3 ማልያውን ተቐቢሉ ኣሎ። ሓለቓ ሃገራዊት ጋንታ ጃፓን እውን ዝኾነ ኢንዶ ኣብዛ ክረምቲ ናብ ሊቨርፑል ዝተጸምበረ ሳልሳይ ተጻዋታይ ኮይኑ ኣሎ - ድሕሪ ማክኣሊስተርን ስዞቦዝላይን።

## ኣዱሊስን ኲባንያ ህንጻ ሰገንን ዓወት ኣመዝጊበን

ሰለስተ ግጥማት ተራፊዎ ዘሎ ሻምፕዮና ኲዕሶ እግሪ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብቲ ዕለት ቀዳመን ኲባንያ ህንጻ ሰገንን ማይ ተመናይን እየን ተጋጢመን። ሰገን ከኣ ኣብ መበል 45 ደቒቕ ካብ ቢንያም ጠዓመ ብዝረኸበታ ሸቶ 1ብ0 መራሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ይኹን'ምበር፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብርቱዕ ዝናብ ብምህራሙ እቲ ጸወታ ተቛሪጹ ትማሊ ዓርቢ ቀጺሉ'ሎ። ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ግና፡ ብዓወት ኲባንያ ሰገን ተዛዚሙ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ግጥም ኣመዝጊቡ እኹ ሸቶ ቢንያም ተጻዊቱ። ሰገን ድማ በዚ ዓወት ተሓጊዛ ነጥባ ናብ 16 ክብ ብምባል፡ ንማይ ተመናይ በሊጻታ ኣላ።

ሰዓት ኣርባዕተ ኣዱሊስ ኣንጻር እታ ናብ ታሕተዋይ ዲቪዥን ክይትምለስ ትቃለስ ዘላ ተራሮሎ ተጻዊታ። ሳልሳይ ደረጃ ንምሓዝ ትቃለስ ዘላ ኣዱሊስ፡ ኣብ መበል 24 ደቒቕ ሰለጡዋ ካብ ሳምሶም ገብረዋህድ ሸቶ ረኺባ ንዕረፍቲ 1ብ0 መራሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረውን ኣዱሊስ ኣብ መበል 74 ደቒቕ መራሕነታ እተደልድል ሸቶ ካብ ቤንሀር እስቲፋኖስ ረኺባ - 2ብ0 ተዓዊታ። ኣብዛ ግጥም፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ኣብል ኣልታሕር ዓድል መሓመድ ክጽዋዕ እንከሎ፡ ኣሰልጣኚ ተራሮሎ ፊሊሞን ንገሰ ከኣ ብዘይቦ በዮል ብቀይሕ ካርድ ተባሪሩ እዩ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ሰንበት ክቕጽል እዩ። በዚ መሰረት፡ ዕዳጋ ሓሙስ ኣንጻር ኲባንያ ሰምበል፡ ደንደን ኣንጻር ኣስመራ በራ፡ ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ኣልታሕሪር ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚረን ክጻወታ ምኻነን ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።



## ኢርኒከ፡ ብምልሶት ምባፐ ይሕጎስ

ኣሰልጣኚ ፒኤሰጂ ሉዊስ ኢርኒከ፡ ብኩዳይ ውዕል ካብዛ ጋንታ በኹሩ ዝጀንሐ ኪይላን ምባፐ ብምምላሱ፡ ሕጉስ ምኻኑ ገሊጹ።

ምባፐ፡ ኣብ 2024 ዝውድእ ውዕሉ ከምዘይሐድሶ ድሕሪ ምግላጹ፡ ነዛ ጋንታ ኣብ ቅልውላው የእትዮዋ እዩ። ሓዲሽ ውዕል ክፍርም እንተደልዩ ፒኤሰጂ፡ ወላኳ ክትለቆ ድሌት ከምዘይብላ ትገልጽ እንተኾነት፡ ውዕል ከየሐደሰ ኣብዛ ወቕቲ ተጻዊቱ ንዓመታ ብናጻ ክትክስር ግና ድሌታ ከምዘይኮነ ይሕብር። በዚ ከኣ፡ ኣብዛ ማሰኮት ምትሕግጋር ናብ ዝኾነት ክለብ ክሰጋገር ክትደፋፍኦ ምጽናሓ ይግለጽ።

ብፍላይ ካብ ሓንቲ ስዑዳዊት ክለብ ዝመጸኣ ናይ ልዕሊ 250 ሚልዮን ዩሮ ውዕል መሸጣ ተቐቢላ ኑታ ጋንታ ምስ ምባፐ ወይ ወኪልቱ ክትዘራረብ ፍቓድ ሂባቶ እያ። ብመንጽሩ ውዕሉ ከምዘይሐድስ እምበር ኣብዛ ክረምቲ ክወጽእ ድልየት ከምዘይብሉ ዝዘረበ ምባፐ፡ ነዚ ጠለብዚ ሕቶኡ እዩ ሂብዎ። በዚን ካልእን ድማ ዝድምና እዚ ተጻዋታይን ፒኤሰጂን ብምልሕላሑ፡ ምባፐ፡ ካብ ልምምድን ኣብ ቅድመ ልምምድ ዝነበረ ምሕዝነታዊ ግጥማትን ከበርር ተረእዩ።

ይኹን'ምበር፡ እዞም ዝሓለፈ ሰሙን እወታውን ሃናጺን ዝርርብ ከምዝተኻየዱ ዝገለጹ ኣካላት፡ ዝበርዎ ሽግር ንግዚኡ ከምዝፈትሕዎ ይግለጽ። ወላኳ ምባፐ ናብ ልምምድ ተመሊሱ እንተሃለወ፡ ዛጊት ግና ውዕሉ ከምዘናውሐ ይግለጽ። ብመሰረት ገለ ምንጨታት ከኣ፡ ምባፐ፡ ነቲ ዝመጽእ ዓመት ወርሒ ሰነ ዘብቅዕ ውዕሉ ብሓደ ዓመት ከሐድሶ እንተኾይኑ ኣብ 2024 ክሸየጥ (እዚ ማሰርሕ፡ ፒኤሰጂ ንዓመታ ብናጻ ምእንቲ ከይትኸስር ዝተሓሰበ እዩ ዝመስል) ዘኽእሎ እዩ።

ድሕሪዚ ሳልሰን ታሕትን ደማ እዩ፡ ኣቐዲሙ፡ ዝሓለፈ ሰሙን "ጋንታ ልዕሊ ኩሉ እያ" ዝብል መጠንቀቕታ ዘረባ ዝፈነወ ኢርኒከ፡ ትማሊ ንምምላስ እዚ ተጻዋታይ ከድንቕ ተሰሚዑ። "ከይላን ኣብዚ ልምምድ ከምዝተዓዘበኩሞ፡ ብቑዕ እዩ ዘሎ። ምስ ልዑል ድልየትን ጸቢቕ ኩነት ኣእምሮን እዩ መጺኡ ዘሎ። ንሱ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ብሉጽ ተጻዋታይ እዩ። ምምላሱ ከኣ የሐጉሰኒ፡" ኢሉ።



ብዘይካዚ፡ እዚ እስጳኛዊ ዓሎ፡ ምባፐ፡ ሰንበት ኣብ ዘካየዱዋ ካልኣይቲ ናይ ሊግ ጸወታ ክሰለፍ ከምዘኽእሎ ኣፍሊጡ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ኢርኒከ "ደምበሌ ካብ ፈለማ ደቒቕ ክሰለፍ ተዓልዩ ኣሎ" ክብል፡ ብዝሓ እቲ ቅድሚ ወሰናት መዓልታት ካብ ባርሳ ናብኦም ዝተጸምበረ ፈረንሳዊ ኣጥቃዓይ ኣረዲኡ። ዝሓለፈ ቅዳም ምስ ምባፐ ኮይኑ ጸወታ ሓዲሽ ጋንታኡ ዝተዓዘበ ደምበሌ፡ ኔይማር ዝለበሶ ዝነበረ ቁጽሪ 10 ተቐቢሉ ኣሎ። ፒኤሰጂ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ሜዳኣ ኣንጻር ሎሬንት ብዘይሸቶ ምፍልላያ ይዝከር። ጽባሕ ናብ ቶሉስ ተጓዒዛ ኣብ እተካይዶ ጸወታ ከኣ ቀዳመይቲ ሸቶን ቀዳማይ ዓወትን እያ ክትሃድን።

## ዋልኮት ጫማኡ ሰቒሉ

ናይ ቀደም ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክለብ ኣርሰናል ቲዮ ዋልኮት፡ ምስ ሳውዝሃምፕተን ዝነበሮ ውዕል ኣብዛ ክረምቲ ድሕሪ ምብቃዑ፡ ትማሊ ኣብ መበል 34 ዓመቱ ጥሮታ ከምዝወጸ ኣፍሊጡ።

ንውሳኔኡ "ኣሰንባዲ" ክብል ዝገለጸ ዋልኮት፡ እንተኾነ ሓዲሽ ነገር ክፍትን ብምድላዩ ኣብዚ መደምደምታ ከምዝበጽሐ የረድአ። "ጫማይ ምስቃለይ ብወግዒ ይሕብር ኣለኹ። ኣይሕሱን እየ፣ ኣዝዩ ኣሰንባዲ እዩ። ምኽንያቱ ካብ ወዲ 16 ጀሚረ ዝፈልጦ ኲዕሶ እግሪ ጥራይ እዩ። ቀልዓ እንከለኹ ከኣ ዘይተመኩሮኹሉ ብዙሕ ነገር ሓሊፉኒ እዩ፣ ስለዚ ሓዲሽ ነገር ክፍትን ደልየ ኣለኹ። በቃ ሓዲሽ ሂወት ክሓልፍ/ክምኩር ዝደለኹ ኮይኑ ይስምዓኒ።" ኢሉ። እዚ ካብ ክለባት ካልኣይ ዲቪዥን እንግሊዝን ክለባት ሰዑዲ ዓረብን ሕቶ ከምዝመጸኦ እሞ ከምዝነጸጎ ዝገለጸ ኣጥቃዓይ።

ኣብ ነሓሰ 2005 ወዲ 16 ዓመት እንከሎ ብማልያ ሳውዝሃምፕተን ናይ ፈለማ ፕሮፈሽናል ጸወታኡ ዘካየደ ዋልኮት፡ ካብቲ እዋን ጀሚሩ ን18 ዓመታት ካብ ፕሪመር ሊግ ከይወጸ ኣብ ስሩዕ ጸወታታት እዩ ጸኒሑ። ካብዚ ዳርጋ ናይ ክልተ ዕቑድ ግዜኡ ከኣ እቲ ዝበዝሐ ማለት 12 ዓመታት ምስ ኣርሰናል እዩ ኣሕሊፍዎ - ክልተ ግዜ ኤፍኤ ካፕን ኮሙኒቲ ሺልድን ድማ ዓቲሩ። ብውልቁ'ውን ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ እቲ ዝበለጸ ግዜ ከምዘሕለፈ ተንተንቲ ይገልጹ።



ካብ ኣርሰናል ኣብ 2018 ድሕሪ ምውጻኡ ናብ ኤቨርተን ዘቕነዐ እዚ ኣጥቃዓይ፡ ንሰለስተ ዓመታት (ንሓደ ዓመት ብልቓሕ ናብ ሳውዝሃምፕተን ተሰጊሩ ነይሩ) ተጻዊቱ። ነዛ ጋንታ፡ ኣብ 77 ናይ ሊግ ግጥማት ወኪሉ ከኣ ናብታ ፕሮፈሽናል ጉዕዞኡ ዝጀመረላ ሳውዝሃምፕተን ተመሊሱ - ኣብ 2021። ክሳብ ዝሓለፈ ዓመተ-ስፖርት ክጻወተላ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ ትማሊ ምፍናዉ ገሊጹ። ዋልኮት፡ ካብ ፕሪመር ሊግ ከይወጸ 418 ግጥማት ክጻወት እንከሎ፡ 84 ሸቶታት ኣመዝጊቡ። ብሓፈሻ ከኣ ኣብ ዝተፈላለዩ 563 ግጥማት ዝተሰለፈ ኮይኑ፡ 129 ሸቶታት ኣመዝጊቡ።

ንሃገሩ ጋንታ እንግሊዝ ጌና ወዲ 16 ዓመት እንከሎ ዝወከላ ዋልኮት፡ ኣብ ታሪኽ እታ ጋንታ 'ዝንኣሰ ተጻዋታያ ማልያኣ ዝለበሰ' ዝብል ክብሪ ሒዙ ይርከብ። ወዲ 19 ዓመት እንከሎ'ውን ሃትሪክ ብምስርሑ፡ "እቲ ዝንኣሰ" ዝብል ክብሪ ናይ ጉጅለ ርእሱ እዩ። ብሓፈሻ ዋልኮት፡ ንዓባይ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ኣብ 47 ግጥማት ክውክላ እንከሎ፡ ሸሞንተ ሸቶታት ከኣ ኣመዝጊቡላ። ዝያዳ ብዝውንኖ ፍጥነት ዝልለ ዋልኮት፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ብፐፐ ጓርድዮላ "ንዋልኮት ደው ክተብሎ ሸጉጥ የድልየካ እዩ" ተባሂሉሉ እዩ።


## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ቸልሲ፡ ብዓብይቲ ክለባት ፕሪመር ሊግ ክህድን ንዘጀንሐ ኣከፋፋሊ ሳውዝሃምፕተን ሮመዮ ላቪያ፡ ብ53 ሚልዮን ፓውንድ ኣብ ሕቖፉ ከምዝእተወቶ ትማሊ ወግዓዊ ገይራ።

ዝሓለፈ ብማልያ እታ ናብ ታሕተዋይ ሊግ ዝወረደት ጋንታ ሱሓቢ ምንቅስቓስ ዘርኣየ ወዲ 19 ዓመት ላቪያ፡ ናይ ሸውዓተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ኣሎ። ሳውዝሃምፕተን ከኣ፡ ምስ ግዜ ተወሳኺ ሓሙሽተ ሚልዮን ፓውንድ ክትቕበል ምኳና ይግለጽ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ትሑት ብቕዓት ግዳይ ዝነበራ ቸልሲ፡ ኣብዛ ወቕቲ ብመራሕነት ፖቸቲኖ ናብ ንቡር ደረጃኣ ክትምለስ ኣብ ስራሕ ትርከብ። በዚ'ኸኣ ነዚ ዓሎሚ ከዐውትዋ ዝኽእሉ ተጻወትቲ ኣብ ምህዳን እያ ጸኒሓ። ኣቐዲማ ንካይሴዶ፡ ዲሳሲ፡ ንክኩንኩ፡ ጃክሶን፡ ኡጎቺክወ፡ ኣንጀሎ ጋብሪኤል፡ ሓላዊ ልዳት ሳንቸዝን ሞረራን ኣፈሪማ። ቁጽሪ 45 ተቐቢሉ ዘሎ ላቪያ ድማ ታሽዓይ ፈራሚ ፖቸቲኖ ኮይኑ ኣሎ።

* ንሉካስ ፑኬታ ንምፍራም ኣብ መንጎ ደላይቱ ክለብ ማን ሲቲን ወናኒቱ ዌስትሃምን ዝካየድ ዘሎ ማሰርሕ ከምዝተቛረጸ ተገሊጹ።

ሲቲ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ብራዚላዊ ሃንዳሲ ኣከፋፋሊ ዝነበራ ተገዳስነት፡ ብፍላይ ድሕሪ ማሰበርቲ ኬቨን ደ ብሩይነ ጥርዚ ምብጽሑ ይእመን።

* ዓሎሚ ባርሰሎና ዣቪ ሀርናንደዝ "ኣንሱ ፋቲ ናብ ሪያል ማድሪድ - እዚ ቀልዲ እዩ" ብምባል፡ 'ፋቲ ናብ ማድሪድ ክኸይድ'ዩ' ንዝብል ወረ መልሲ ሂቡሉ።

ዣቪ፡ "ፋቲ፡ ኣገዳሲ ተጻዋታይ እዩ። ምሳና ከኣ ክቕጽል እዩ። ናይ ሕጂን ናይ መጻኢን ተጻዋታይና እዩ።" ኢሉ።


## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ

ሰምበል - በሪኽ 12:00 ድ.ቀ

ደንደን - ገጀረት 2:00 ድ.ቀ

ኲባንያ - ኢንሹራንስ 4:00 ድ.ቀ

**

**ፕሪመር ሊግ**

ሰዓት 5:00 ድ.ቀ

ፉልሃም - ብሬንትፎርድ

ሊቨርፑል - ቦርንማውዝ

ዎልቨስ - ብራይተን

ቶተንሃም - ማን ዩናይትድ 7:30 ምሸት

ማን ሲቲ - ኒውካስል 10:00 ምሸት

**

**ላ'ሊጋ**

ኣልመሪያ - ሪያል ማድሪድ 8:00 ምሸት

**

**ሰሪ'ኣ**

ፍሮሲኖን - ፊዮረንቲና 7:30 ምሸት

ኢንተር ሚላን - ሞንዛ 9:45 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ጀርመን - ብሓደጋ ዕልቕልቕ 90 በረራታት ተሰሪዙ

ኣብ ጀርመን ዕልቕልቕ ዘኸተለ ከቢድ ዝናብ ድሕሪ ምዝናቡ፡ ሓደ ካብቶም ብዙሓትም ኣገልግሎታት ፍሉጥን ቀንዲ ማእከል በረራ ኤውሮጳን ዝኾነ መዓርፎ ነፈርቲ ፍራንክፈርት ሓያሎ በረራታት ክሰርዝ ከምእተገደደ ተገሊጹ።

መዓርፎ ነፈርቲ ፍራንክፈርት ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ 90 በረራታት ከምእተሰረዘ፤ ካልኦት 23 በረራታት ድማ ኣብ ካልኦት መዓርፎ ነፈርቲ ክእንገድ ከምእተገበረን ሓቢሩ።



ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ህቦብላ ዝተሓወሶ ዝናብ ዝሓለፈ ረቡዕ እውን ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ጀርመን ብርቱዕ ዕልቕልቕ ኣውሪዱ ምንባሩ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

እቲ ህቦብላ ንኻልኦት ከበባታት እውን ብኣሉታ ከምዝጸለወ፤ ኣብ ዞባ ሰሜን ራይን-ዌስትፈልያ እትርከብ ጌልሰንክርቸን ብኸቢድ ከምእተሃሰየትን ተሓቢሩ።

ኣብ 2021 ምዕራባዊ ክፋል ጀርመን ብዘጋጠመ ዕልቕልቕ ልዕሊ 180 ሰባት ከምዝሞቱ ይዝከር።

ብደረጃ ዓለም ብዝርአ ዘሎ ክሊማዊ ምዝምማዕ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ደርቅን ይወሰኽ ከምዘሎ እያም ክኢላታት ዝገልጹ።

## ሚ/ጉ/ወጻኢ ስዑዲ ዓረብን ኢራንን ዘትዮም

ስዑዲ ዓረብን ኢራንን፡ ዝምድናኦን ንምምሕያሽ ኣብ ዝጽዕሩሉ ዘለዉ እዋን፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ምስ ስዑዳዊ መዘናኡ ንፈለማ እዋን ኣብ ሪያድ ተራኺቡ ከምዝዘተየ ተገሊጹ።

ድሕሪኡ ርክቡ፡ "ዝምድና ስዑዲ ዓረብን ኢራንን ኣብ ቅኑዕ ማስመር ከምዘሎ ዘመልክቱ ምዕባለታት ንርኢ ኣለና" ክብሉ ጋዜጣዊ መግለጺ ዝሃቡ ክልቲኦም ሰብኡልጣን፡ እቲ ዝርርብ ዕዉት ከምዝነበረ ሓቢሮም።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ሑሴን ኣሚር-ዓብደላህያን ብወገኑ፡ "ሎሚ ኣብ ዘካየድናዮ ርክብ ኣብ ሰፊሕ ጉዳያት ጸቡቕ ዘተ ኣካይድና" ክብል ኣረዲኡ።

ምብጻሕ ናይቲ ኢራናዊ በዓል ስልጣን ናብ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ፡ ክልቲኦን ሃገራት ብመንጎኝነት ቻይና ዝምድናኦን ናብ ንቡር ንምምላስ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታመን'ዩ ዝትግበር ዘሎ።

ኣቐዲሙ እውን ልኡል ፈይሳል ቢን ፋራሕ ኣብ ወርሒ ሰነ ምስ ሰበስልጣን ኢራን ኣብ ከተማ ጣህራን ድሕሪ 2016 ንፈለማ እዋን ርክብ ምክያዱ ይዝከር።

ልኡል ፈይሳል፡ ሃገሩ ንኸሉ እቲ ብመንጎኝነት ቻይና ዝተበጽሐ ቁጠባውን ፖለቲካውን ውዕላት ክተተግበር ድሉት ከምዘለዋ ገሊጹ።

ኣብ ወርሒ ሰነ፡ ኢራን ኣብ ስዑዲ ዓረብ ኤምባሲኣ ብወግዒ ዳግማይ ምኽፋታ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ'ዚ ድማ እቲ ኣብ ኢራን ዝርከብ ኤምባሲ ስዑዲ ዓረብ ብወግዒ ንጥፈታቱ ዳግማይ ጀሚሩ ከምዘሎ ምንጭታት ኢራን ይሕብሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሓዲሽ ኣምባሳደር ኢራን ኣብ ስዑዲ ዓረብ ዓሊረዛ እንያቲ ምስ ኣሚር ዓብደላሂያን ናብ ሪያድ ኣምሪሑ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ስዑዲ ዓረብን ኢራንን ብመሰረት እቲ ኣብ ወርሒ መጋቢት ዝበጽሕኦ ስምምዕ፡ ዲፕሎማስያዊ ዘይምቅዳው ክልቲኦን ሃገራት ብዙሕ ንምዕራፍ፡ ዝምድናታተን ዳግማይ ንምብርባርን ሓያሎ ስጉምቲታት ይወስዳ ከምዘለዋ ይፍለጥ።

## ህ/ሪ/ቻይናን ምስ ቤላሩስ ዝጸንሓ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ተዕቢ

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ምስ ቤላሩስ ዝጸንሓ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ክተዕብዮ ድልዉት ከምዘለዋ ገሊጻ።

ኣብ ቤላሩስ ዑደት ዘካይድ ዘሎ ሚኒስተር ምክልኻል ቻይና ሊ ሻንግፉ ምስ ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮ ተራኺቡ ድሕሪ ምዝታዩ እዩ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዘሎ ዝምድና ክድንፍዕ ድሉት ከምዘለዎ ዝገለጸ።



ሊ ሻንግፉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ዕላማ ዑደተይ ብደረጃ መራሕቲ ሃገራት፡ ኣገደስቲ ስምምዓት ምትግባርን ክልተኣዊ ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ምሕያልን እዩ" ኢሉ።

ክልቲኦም ወገናት እቲ ወተሃደራዊ ምትሕብባር ኣብ ምንታይ ዘተኮረ ምዃኑ እኳ ብዝርዝር እንተዘይሓበሩ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ግን ክልቲኦን ሃገራት ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከካይዳ ተሰማሚዐን ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ሊ ሻንግፉ ቅድሚ ናብ ቤላሩስ ምምራሑ ኣብ ሩስያ እውን ምብጻሕ ኣካዪዱ ነይሩ እዩ።

ሓይልታት ቤላሩስ ኣብ ኲናት ዩክሬን ከምዘይተሳተፋ ዝገለጸ ፕረዚደንት ሉካሸንኮ ብወገኑ፡ ቻይና ምስ ሃገሩ እትገብሮ ወተሃደራዊ ሓገዝ ናብ ካልኦት ሃገራት ዝቐንዐ ከምዘይኮነውን ኣጺሩ።

ኣቐድም ኣብሉ፡ ቤላሩስ ካብ ሩስያ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ከምእተቐበለት ዝገለጸ ፕረዚደንት ሉካሸንኮ፡ ሃገሩ ኣብ ሓደጋ ምስ እትኣቱ ጥራይ ነቲ ኣጽዋር ክትጥቀመሉ ከምእትግደድ'ዩ ዝገለጸ።

ሚኒስተር ምክልኻል ቻይና ኣብ ሩስያን ቤላሩስን ዘካየዶ ዑደት፡ ንሕብረት ኤውሮጳን ኣመሪካን መልእኽቲ ዝሁብ ምዃኑ ተንተንቲ ፖለቲካ ይእምቱ።

## ኣብ ማለዥያ ንእሽቶ ነፋሪት ተሓምሺሻ




ኣብ ማለዥያ፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ሓንቲ ናይ ብሕቲ ነፋሪት ኣብ ርእሰ-ከተማ እታ ሃገር ኩዋላ ላምፑር ኣብ ዝርከብ ጽርግያ ወዲቓ ድሕሪ ምሕምሻሻ ሰባዊ ክሳራ ከምዘስዓበ ተገሊጹ።

በዚ ድማ፡ ኣብታ ነፋሪት ዝነበሩ 8 ሰባት ብኡ ንብኡ ክሞቱ እንከለዉ፡ ኣብ መሬት ዝነበሩ 2 ሰባት'ውን እታ ነፋሪት ክትዓልብ ኣብ ዝፈተነትሉ እዋን ከምዝሞቱ ተገሊጹ።

በዓል-መዚ ሲቪል ኣቬሸን እታ ሃገር ብመሰረት ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ እታ ነፋሪት ካብ ደሴት ላንግካዊ ናብ ኣብ ጥቓ ኩዋላ ላምፑር ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ ሱልጣን ዓብዱል ዓዚዝ ሻህ ኣብ ተምርሓሉ ዝነበረት እዋን'ያ እቲ ሓደጋ ኣጋጢሙዋ።

ሓደ ካብቶም ግዳያት ወዲ 53 ዓመት ጆሃሪ ሃሩን ዝበሃል ኣብ ማእከላይ መንግስቲ ክፍለ-ሃገር ፓሃንግ ላዕለዋይ ፖለቲከኛ ምንባሩ ጸብጻባት የመልክቱ።

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት'ውን ኣብቲ ከባቢ ተመሳሳሊ ሓደጋ ኣጋጢሙ ምንባሩ ይግለጽ።

ኣብ ማለዥያ፡ ፖለቲከኛታትን ነጋዶን መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ብሕቲ ጀትን ሄሊኮፕተራትን ተጠቒሞም ከምዝጓዓዙ እዩ ዝሕበር።

## ካናዳ - ብሰንኪ ባርዕ ጫካ ኣሽሓት ሰባት ተመዛቢሎም

ኣብ ካናዳ ተኸሲቱ ዘሎ ባርዕ ጫካ ናብ ሰሜናዊ ምዕራብ እታ ሃገር ከይልሕም ተሰጊኡ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ነበርቲ ሰሜናዊ ምዕራብ ግዝኣታት እታ ሃገር መንበሪ ኣባይቶም ሓዲጎም ክግዕዙ ተገዲዶም ከምዘለዉ ተገሊጹ።

እቲ ባርዕ ጫካ ዛጊት ስለዘይሃደአ እዩ፡ 20 ሽሕ ነበርቲ ከተማ 'የለውናይፍ' ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ዝግበር ዘሎ።



ዝሓለፈ ሓሙስ እቲ ባርዕ ካብ ከተማ የለውናይፍ 16 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ከምዝነበረ ዝገለጹ ሰበ-ስልጣን እታ ሃገር፡ እቲ ሃልሃልታ ብንፋስ ተደፊኡ ናብታ ከተማ ገጹ ይልሕም ብምህላዉ ኣብ ሆስፒታላት ዝጸንሑ ሕሙማት ከይተረፉ ክግዕዙ ተገዲዶም ምህላዎም ኣረዲኦም።

ንጥፈታት ምግዓዝ ነበርቲ የለውናይፍ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ካብ እተኻየዱ ተመሳሰልቲ ንጥፈታት እቲ ዝዓበየ ምዃኑ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

ካናዳ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ክብረ-ወሰን ዝሓዘ ቁጽሪ ባርዕ ጫካ ከምዝመዝገበት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ዛጊት ኣብ ካናዳ ልዕሊ 5,700 ባርዕ ክኽሰት እንከሎ፡ ብሰንኩ ኣስታት 137 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜተር ዝግመት ጫካ ከምእተሃሞኸ ይሕበር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | 19/08/2023 | ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ከባቢ ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | 200141 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565